# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.88 | ሓሙስ 12 ታሕሳስ 2024 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ


ገጽ 2
ውሽጣዊ ውህብቶን ዓቕምን ምስ ስንክልና ዝነብሩ ሰባት ነለልዮ!



ገጽ 3
ልምዓት ሕርሻ ንኡስ ዞባ ዓዲ- ኳላ




ገጽ 4
መን'ዩ መሓዛ ዝመርጸልካ?



ገጽ 5
ሕብረተሰባት ካበይ ናበይ ብኸመይ?




ገጽ 7
ፍሊክ ተቐጺዑ




## ሓማልማሎ፡ ነጻ ካብ ክሽቦ ዝኣወጀት ንኡስ ዞባ ኰይና

ንኡስ ዞባ ሓመልማሎ፡ ኣብ ዞባ ዓንሰባ ነጻ ካብ ክሽቦ ደቀኣንስትዮ ዝኣወጀት 8ይቲ ንኡስ ዞባ ኰይና።

ብ7 ታሕሳስ ኣብ ዝተኻየደ ስነስርዓት፡ ኣመሓዳሪት ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ወ/ሮ ኣምና ሓጅ ኣብ ዝሰመዓቶ ቃል፡ እቲ ዓወት ወጽኢት ናይ'ቲ ካብ ነዊሕ ግዜ ክካየድ ዝጸንሐ ጎስጓሳት ምዃኑ ብምዝካር፡ ህዝቢ ንቕሓቱ ኣብሪኹ ዝኢ ድሕር ልምዲ ብምውጋዱ የሓና ድሕሪ ምባል፡ ተሪፉም ዘለዉ ሓሳይቲ ልምድታት ብዝተመሳሰለ ንቕሓት ክምዝውገዱ ዘለዎ ጽኑዕ እምነት ገሊጹ።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ዞባ ዓንሰባ ኣቦመንበር ዞባዊት ኮሚተ ምርግጋጽ ማሰላት ቁልዑን ደቀኣንስትዮን ምውጋድ ድሕር ልምድታትን ከሎሚል ተሰፋጽዮን ግርማይ ብወገኑ፡ ኣብ'ቲ ዞባ ኣብ ምውጋድ ክሽቦ ደቀኣንስትዮ ተመዝጊቡ ዘሎ ኸጋኡ ብወሃድ ስራሕን ጻዕርን ዝተረኽበ ምዃኑ ሓቢሩ ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኣምባሳደር ዓብደላ ሙሳ ድማ፡ እቲ ናይ ምእዋጅ መደብ - ንቕሓት ሕብረተሰብ ብሓፈሻ ናይ ደቀኣንስትዮ ድማ ብፍላይ ከማዝጸበርቕ ብምሕባር፡ ደግሲ ከየጋጥም ብዕቱብ ክሰራሕ ተላቢዩ።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ነቲ ዕለት ዘንጸባርቕ ስነ ጥበባዊ መሰናድኣታት ቀሪቡ።

ኣብ ዞባ ዓንሰባ፡ ብምወሃድ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕንነትን ሚኒስትሪ ጥዕናን ሃማደኤን ክጥበር ብዝጸንሐ ቀጻሊ ጎስጓሳትን ናይ ምብራኽ ኣፍልጦ መደባትን ዛጊት ንኡሳን ዞባታት ዒላበርዕድ፡ ገለብ፡ ኣስማጥ፡ ዓዲተከሌዛን፡ ሓልሓል፡ ሃበሮ፡ ሓመልማሎን ከረንን እተን ዝኣወጃ ክኾና ከለዋ፡ ሓጋዝ ድማ እታ ተሪፋ ዘላ ንኡስ ዞባ'ያ።



## ኣብ መትከል-ኣቤት፡ ቃጽያታት ንዕደላ ድልው ኰይኑ

ኣብ ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ - ምምሕዳር ከባቢ መትከል-ኣቤት፡ 2,601 ቃጽያታት ዝሓዘ ወጥን መሬት ጠሳ ተዛዚሙ፡ ንዕደላ ድልው ኰይኑ።

እቲ ወጥኑ ኣብ 2013 ብበርቲ ንዝቐረበ ሕቶ መሰረት ገይሩ ዝተዳለወ ምዃኑ ዝሓበረ፡ ኣመሓዳሪት ንኡስ ዞባ ኣቶ ዐመር ያሕያ፡ ነበርቲ ዝርኣይዎ ተገዳስነት መጉሱ።

ኣቐዲሙ ኣብ ሰለስተኡ ምምሕዳራት ከባቢ ዝሎ ጸገማት መንበሪ ኣባይቲ ኣብ ግምት ብምእታው፡ 710 ሄክታር ዘጠቓልል መሬታዊ ሰራሓት ኣብ ምምሕዳራት ከባቢ ሽባሕ፡ ዓድ-ሾማን መትከል-ኣቤትን ከምእተኻየደ ጠቒሱ፡ ድሙ ናይ ዝተረፉ ምምሕዳራት ከባቢ ወጥንውን ኣብ መስርሕ ከምዝርከብ ኣፍሊጡ።

ኣብ'ቲ ናይ ምርኽኻብ ካርታ ስነ ስርዓት ዝተረኽበት ኣመሓዳሪት ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ወ/ሮ ኣስመረት ኣብርሃ ብወገና፡ ዕደላ መሬት ጠሳ - ነቲ ብዘይ ሕጋዊ ኣገባብ ክስራሕ ዝጸንሐ ኣባይቲ ክገትእ ዓቢ ኣበርክቶ ከምዘህልዎ ጠቒሳ፡ ተጠቀምቲ ንዝወሃቦም ውሳኔታትን መምርሒታትን ብጥብቂ ክኽተሉ ኣዘኻኺራ።

ብጠሳ ዝዕደል መሬት ብቐዳምነት ንኣብርን ግቡኡ ንዝፈጸመን ከምዝምልከት ዝሓበረት፡ ኣብ ምምሕዳር ዞባ - ዳይረክተር ክፍሊ መሬትን ማይን ወ/ሮ ፍረወይኒ ኣሃንያ ብወገና፡ እቲ ብክኢላታት ዝተዳለወ ወጥኑ ነቲ ተሰሪሑ ዝጸንሐ ኣባይቲ ኣብ ግምት ዘእተወ ብምዃኑ፡ ንበርቲ ዓቢ ሓገዝ ከምዝኸውን ገሊጹ።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ነቲ ኣብ ሰለስተ ዞናት ዝተኸፍለን ትካላት መንግስቲ ዘጠቓልልን ወጥኑ ከምኡ'ውን ኣገባብ ትግባረኡ ብዝምልከት፡ ብሓላፊ ህንጻዊ ልምዓት ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ - ኢንጂነር መሓሪ ጸሎቱ መብርሂ ተዋሂቡ።


## ዓዲ-ቐይሕ - መደባት ትምህርቲ ንዓበይቲ ተገምጊሙ

ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ቐይሕ፡ ሎሚ ዓመት ኣብ 11 ንቑጣታት ዝተኻየደ መደባት ትምህርቲ ንዓበይቲ፡ 84 ሚእታዊት ዕዉት ምንባሩ ተገሊጹ።

ብ5 ታሕሳስ ኣብ ዝተቓነዐ ገምጋም፡ ዕላማ ናይ'ቲ መደብ - ዜጋታት መሰረታዊ ናይ ምንባብ፡ ምጽሓፍን ምቕማርን ክእለት ብምምዕባል መሃይምነት ከጥፍኡ ምዃኑ ዝሓበረ ኣወሃሃዲ ትምህርቲ ንዓበይቲ መምህር ካይረ ሮሞዳን፡ ዝርኣ ሕጽረታትን ብድሆታትን ብምፍዋስ ንዝበረኸ ውጽኢት ከምዝስራሕ ገሊጹ።

ሓላፊ ትምህርቲ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ መምህር በየነ ተስፋይ ብወገኑ፡ እቲ ውጽኢትን ተሳታፍነትን እናዓበየ ንክኸይድ፡ ተራ ኣመሓደርቲ ከባቢ ወሳኒ ከምዝኾነ ኣተሓሳሰበ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ቐይሕ ኣቶ ሃብታይ ተስፋዝጊ፡ መደባት ትምህርቲ ንዓበይቲ ዕላማኡ ንኽወቅዕ ምስ ናይ ስራሕ መሻርኽቲ ብዕቱብ ከምዝስራሕ ኣረጋጊጹ።





## ተሰነይ - መነባብሮ ሓርበኛታት ስንኩላን ንምምሕያሽ ይስራሕ

ቤትጽሕፈት ሃገራዊ ማሕበር ሓርበኛታት ስንኩላን ኲናት ኤርትራ ኣብ ንኡስ ዞባ ተሰነይ፡ ማሕበራቐጠባዊ መነባብሮ ኣባላቱ ንምምሕያሽ ኣብርቲዑ ይሰርሕ ከምዘሎ ሓቢሩ።

ሓላፊ ናይ'ቲ ቤትጽሕፈት ኣቶ መሓመድኑር ዒሊ.ሰዒድ፡ ኣባላትን ካልኦት ኣካላትን ኣብ ዝተረኽብሉ ኣጋጣሚ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ማሕበር - ኩነታት ኣባላት ንምምዕባል ኣብርእሲ'ቲ ብወቕጣዊ ዓቕሙ ዘሰላስሎ መደባት፡ ኣብ ንኡስ ማጠን ንግዲ፡ ሕርሻን ካልእ መዳያትን ንኸተጥፉ፡ ምስ ናይ ስራሕ መሻርኽቲ ተወሃሂዱ ዕድላት ከምዝጥጥሕን ከምዘድግፍን ኣፍሊጡ።

ኣብ ጸላት ሕርሻ ንዘተጥፉ ኣባላት፡ ምስ ፕሮጀክት ሕርሻዊ ልምዓት ተሰነይ - ዓሊ-ግደር ብምርድዳእ ብጥርኑፍ ከልምዑ ዕድል ከም እተረሓሓለምን ዝማሰሮን እቶት ከምዝሓፍሱን ኣቶ መሓመድኑር ብዝዐሪዐ ኣብሪሁ።

ኣብ መዳይ ጥዕና ድማ፡ ኣባላት ካብ ዝዙበርዎ ወጻኢታት እቲ 70 ሚእታዊት ብማሕበር ከምዝሽፈነሎም፡ ብዝዐሪዐ ኣረዲኡ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ተሰነይ ኣቶ ሰዩም ጉብረእዮስስ ብወገኑ፡ ስንኩላን ነብሶም ክኽእሉ ንዝዙበርዎ ጻዕሪ ብምምጓስ፡ ንሓርበኛታት ስንኩላን ምድጋፍ ዜግነታዊ ሓላፍነት ስለዝኾነ፡ ህዝቢ ዝዙበሮ ደገፍን ዘርእዮ ሓልዮትን ክቕጽሎ ኣተሓሳሰበ።

## ዓሰብ - ምህርቲ ዓሳ ዕብየት የርኢ

ኣብ ትሕቲ ጽላል ሃገራዊ ኮርፖረሽን ዓሳ ዝጠፍ ኩባንያ ፍርያት ባሕሪ ጨንፈር ዓሰብ፡ ምህርቲ ዓሳ ኣብ'ዚ ዓመት'ዚ ብዓይነትን መጠንን ዕብየት ከምዘርኣየ ገሊጹ።

ኣካያዲ ስራሕ ናይ'ቲ ጨንፈር ኣቶ ኻሊድ መሓመድ-ኣሕመድ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ምህርቲ ዓሳ ካብ ገፊፍቲ ዓሳ ብርትዓዊ ዋጋ ተቐቢሎም ናብ ህዝብን ሰራዊትን ብምዝርጋሕ፡ ኣብ ምርግጋጽ ውሕስነት መኣዛዊ መግብን ምዕባይ ተመጋብነት ዓሳን ከምዘተጥፉ ኣብሪሁ።

ኣብ'ዚ ዓመት'ዚ ዝተረገፈ ምህርቲ ዓሳ 508 ቶን ኰይኑ፡ ምስ ዝሓለፈ ዓመት ክነጻጸር እንከሎ ብ40% ከምዝዓበየ፡ ብዝተወሳኺ ኣፍሊጡ።

ንኣገዳስነት በረድ ኣብ'ቲ ዕማም ብምግንዛብ፡ በረድ ዘፍርያ ማሽናት ስርሐን ብዘይምቁራጽ ከሳልስ ቀጻሊ ክትትልን ጽገናን ከምዝተኻየደለን ዝገለጸ ኣቶ ኻሊድ፡ ኣብ'ዚ ዓመት'ዚ ብጠቕላላ 453 ቶን በረድ ክፈሪ ከሎ፡ እቲ 318 ቶን ንገፈፍቲ ዓሳ ከምእተዓደለ ኣብሪሁ።

# ፍኖት

ዳህላክ ነጋሲ

## ውሽጣዊ ውህብቶን ዓቕምን ምስ ስንክልና ዝነብሩ ሰባት ነለልዮ!

ኣብዚ ቅንያት'ዚ ብምኽንያት ኣህጉራዊ መዓልቲ ምስ ስንክልና ዝነብሩ ሰባት፡ ኣብ ኣዳራሽ ክሉብ ዝተፈላለየ መደባት ተኣንጊዱ ነይሩ። እቲ መደብ ብቐንዱ ብጉዱኣት ተመሃሮ ቤት-ትምህርቲ ቅዱ ክዳን ተኽለ ዝቐረበ ኰይኑ፡ ኣብቲ ፈለማ ንጉይዙስወራንን ጸመማትን ዝሓቁፍ ምርኢት ንምኽያድ ዓሊሙ ተበጊሱ። እቲ ምርኢት ዝያዳ ጽልዋን ኣድማዕነትን መታን ክህልዎ ብዙሕ ሓሳብ ግን ብዘይፍሓ መልክዑ ኣብ ዝኸሪ መዓልቲ ምስ ስንክልና ዝነብሩ ሰባት ክቐርብ ተመሪጹ። በዚ መሰረት፡ እቲ ምርኢት ብዓይኑ ስውራንን ጸመማትን ከም'ኡ'ውን ምስ ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንክልና ዝነብሩ ሰባት ብምውህሃድ ናብ ዕዱማት ኣጋይሽ ቀሪቡ። ብሓቂ ድማ ንውህብቶን ዓቕሚን ምስ ስንክልና ዝነብሩ ሰባት ዘመስከረ'ዩ ነይሩ።

ምስ ዝተፈላለየ ስንክልና ዝነብሩ ሰባት፡ ዘቕረብዎ ብርክት ዝበለ ትሕዝቶን ምርኢት ቅዱ ክዳንን፡ ፍሉይን ብዓይነቱ ናይ መጀመርያን እዩ። ቀንዲ ዕላማ ናይቲ መደብ፡ "ቀዳማይ፡ ኣብ መንጎ ምስ ኩሉ ዓይነት ስንክልና ዝነብሩ ዜጋታት ናይ ምብህሃል ባይታ ንምፍጣር እዩ። ካልኣይ፡ ኣብ መንጎቶም ኣብኦት ከካ ኣደ ማሕበራት፡ ሓብራዊ ናይ ስራሕ ዝምድና ንኸህሉ ንምጀዋር ዝዓለመ'ዩ። ሳልሳይ፡ ኣብ ውሽጢ ምስ ስንክልና ዝነብሩ ዜጋታት፡ ሕብረ-ብዙሓዊ ዓቕምታት ከም ዘለዎን ተፈቲሹ ኣብ ጥቕሚ ዘውዕሉ ተበግሶ ንኽውሰዱሉን ንምሕባር እዩ። ራብዓይ፡ ጉዳይ ምስ ስንክልና ዝነብሩ ዜጋታት ዝያዳ ኣተኩሮ ክውሃቦ ከም ዘለዎ ንምዝኽኻር ኰይኑ፡ ሓሙሻይ ከኣ ንቕሓት መላእ ሕብረተሰብ ክብ ብምባል፡ ምስ ስንክልና ዝነብሩ ዜጋታት ካብ ተጸብዩኦትን ተጸሊዎን ሓራ ንምግባር'ዩ። እቲ መደብ ናይ ፈለማ ተመኩሮ ብምንባሩ፡ ኣብ ምምሕዳሩ ኩሉ ናብ ሽቶኡ ንምብጻሑ ዝተገበረ ጻዕሪ ኣዝዩ ከቢድ'ዩ ነይሩ። ሳላ ዘይሕለል ጻዕሪ ግዱሳት ውልቀሰባት፡ ትካላትን ማሕበራትን እዚ መደብ ዕዉት ኰይኑ ኣሎ።" ክብል መራሒ መደብ ጋዜጠኛ ሃይለ ደብረጽዮን ይገልጽ።

ኣብቲ ኢጋጥሚ ዝጠዘሉ ካብ ኣቦላታ ዓይኑ ስውራን ዝኾኑ ጉጅለ ባህሊ እውን ነቲ ምሸት ዝያዳ ደምቀት ዘልበሱ ዝተፈላለዩ ባህላዊ መሰናድኡታት ኣቕሪቦ። እቶም ኣቦላት ጉጅለ ባህሊ፡ ብባህላዊ ኣልባሳት ማዕረ'ም



ጥራይ ዘይኰኑ ሐዞሞ ዝነበሩ ዝጠዘሉ መሳርሒታት መዚቃ'ውን ባህላዊ እዩ ነይሩ። እቶም መዚቀኛታት፡ ወላ'ኳ ብርሃን ክርእዩ እንተዘይክኣሉ፡ ብኣካላዊ ስንክልናኦም ከይተዓገቱ ብመሳጥን ምእዙን ህርመታት ኣቕሪቦም። ኣምሲዮኡ ከኣ፡ ካብ ዕዱማት ኣጋይሽ ጸቡቕ ምላሽ ይንጸብረቕ ነይሩ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ብጉጅለ ባህሊ ቀያሕቲ ዕምባ ኣቦላት ኣብረሃ ባህታን ማሕበር ጸመማትን ዝተዳለወ መዛሙር እውን ቀሪቡ። እቲ መዛሙር ገለ ካብ'ቲ ሓቝፍዎ ዝበረ መልእኽቲ ምስ እንምልከት፡ ኣካላዊ ስንክልና ካብ ዝኾነ ዕዮ ከምዘይዕንቅጽ እዩ። ስንክልና ዘለዎም ዘሸቀርርን ዘይኰኑ፡ ኣብ ገለ ሰባት ንዘንጸብረቕ ኣሉታዊ ኣጠማምታ ንምስዩሩ ምስ ስንክልና ዝነብሩ ዜጋታት ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ብምስታፍ፡ ብፍልጠት ክሰዕርዎ ከም ዝኽእሉ ከምኡ'ድማ፡ ብምትብባዕ ወለድን ኮምን ተሳትፎ ምስ ስንክልና ዝነብሩ ሰባት ክሰፍሕ ዝለዓለ ተራ ከም ዘለዎ ዝበሉን ካልእ ትሕዝቶታትን ዝሓቘፈ ነይሩ። ብዘይካ'ዚ፡ ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት ዝተዘየሙ ጣዕመ-ዜማን ግጥምን እውን ኣካል'ቲ ባህላዊ መሰናድኡታት ነይሩ። ብኣባላት ማሕበር ጸመማን ዝቐረበ ትልሂት ድማ ኣተኩሮ ዕዱማት ክምስጥ ክኢሉ እዩ። ማዕረ-ማዕረ'ዚ፡ ከሉ'ቲ ዝቐረበ መደባት ብቋንቋ ምልክት ይትርጎም ነይሩ።

ኣብቲ ዕለት ምስ ዝተፈላለየ ስንክልና ዝነብሩ ዜጋታት፡ ፍልጠቶም ከነ ክእለቶም ከንጸብርቑን ክገልጹን ተራእዮም እዮም። ንኣብነት፡ ወ/ሮ ፍዮሪ ብርሃን ሓንቲ ካብ'ቶም ናብ መድረኽ ብምድያብ፡ እትመልኦ ኢደ-ጥበባዊ ስርሓት ኣብ ወሰናት ደቓይቕ ናብ ተዓዘብቲ ዘቕረበት እያ። እቲ ዘዳለወቶ ናይ ርኪያሞን ላኻን ስርሓት፡ ብብዙሓ ብደቂ-ኣንስትዮ ልሙድ ዝኾነ ዕማም እዩ። የግዳስ፡ ፍሉይነት እዛ ጓል-ኣንስተይቲ ድርብ ስንክልና ማለት - ዓይኑስውርትን ናይ ምስማዕ ጸገምን ዘለዋ ምዃና እዩ። ፍዮሪ ገና ጓል ሓሙሽተ ዓመት እንከላ፡ ብሰንኪ ሕማም ንፍዮ ዑረትን ዓይኒ ኣጋጢሙዋ። ተመሃሪት ራብዓይ ክፍሊ ክሳብ ዝበረትሉ እዋን፡ ካብ ተውዳደርትን ብሉጻትን ተመሃሮ ከም ዝነበረት ትገልጽ። እታ ብርሃን ክትርኢ ዘይክኣለት ህጻን፡ ሽግራ በዚ ኣይተበቕዐን። ጸጊሑ ብሰሪ ዘጋጠማ ዝተፈላለየ ጸገማት ንቕዙትን ካልእ ጥዕናዊ ማሕለኻታትን ተቓለዐት። ከም ሳዕቤኑ፡ ኣብ ንኣስ ዕድመኣ ዑረት ዓይኒ ጥራይ ከይኣኽሉ፡ ናይ እዝኒ ጸመት'ውን ኣጋጠማ። ሽዑ እዋን ብሓገዝ ግዱሳት መማህራና ሓሙሻይ ክፍሊ ክትዛዝም ከኣለት። ኣብ ዝቕጽለት ደረጃ ትምህርታ ግን፡ ንዓቕማ መርሚሩ ዝሕግዝን ዝናብያን ስለዘይረኸበት፡ እታ ተውዳዳሪት ዝነበረት ተመሃሪት ትምህርቲ ከተቋርጽ ተገደደት። እንተኾነ፡ ንሳ ተስፋ ዘይትቖርጽ ሰብ፡ ንፈደላት ግእዝ ክትለልዮምን ክትፈልጦምን ብዙሕ ጻዐረት፣ ብሓገዝን ደገፍን ግዱሳት ሰባት ድማ፡ ነቶም ፊደላት ብግቡእ ክትፈልጦም ከኣለት። ድርብ ስንክልና ድሌታ ካብ ምፍጻም ኣይሓንከላን።

ወ/ሮ ፍዮሪ ምስ ሰባት ክትዛራረብ ኣብ እትደልየሉ እዋን፡ እቲ ሰብ ክብልዎ ዝደለዩ ኣብ ኣእዳዋ ይጽሕፉላ'ሞ፡ ንሳ ኣብ ኢዳ ዝተጻሕፈ ኣንቢባ ብቓል ወይ ኣፋ ትምልስ። ንሳ ዕለታዊ እትጥቀመሉ ሜላ ኣበሃህላ ኣብ መድረኽ ኰይና ምስ ካልኦት ሰባት ክትረዳድኣሉ ዝተዓዘቡ ዕዱማት ብታሪኻን ሓይላን ተደኒቖም። ወ/ሮ ፍዮሪ ኣብዚ እዋን ብዓልቲ ሓዳርን ኣደ ኣርባዕተ ደቂን እያ። ብዘይካ'ዚ፡ ምስ ደቃ ኣብ እትዛራረበሉ እዋን ብፍሉይ መገዲ ከም እትረዳዳእ ይፍለጥ። ንኣብነት፡ ደቃ ናብ ኣእዛና ጸግዖ ኣሎም ንሳ ክብልዋ ዝደልዩ ቃል ብቐጢን ድምጺ ነጻሊዖም ብምድማጽ ከም እትርድኦም ይገብሩ። ድርብ ስንክልና ከይዓገታ እተፈላለዩ

ኢደ-ጥበባዊ ስራሓት ተዳሊ። ኣብ'ቲ ኢጋጥሚ ኣብ ውሽጢ ውሑዳት ደቓይቕ፡ ዝተፈላለዩ ኢደ-ጥበባዊ ስርሒታ ኣብ መድረኽ ኰይና ከተሰላስል ተመልኪትና። በቲ በሊሕ መኣርሒ ኢደ-ጥበብ ብዘይጸገም ተቐላጢፋ ትዓዩ ነይራ። ስንክልና ንፍዮሪ ሓዳራ ብግቡእ ካብ ምእላይ ኣይዓንቀጻን። ብጽሒፍ ስፈሩ ዝሎ ዛንታ ሂለን ከለር ክንደኾቐን ክንዋርዖምን ዓመታት ሓሊፉ'ዩ። ሎሚ ድሕረ-ብዪታ ናይዛ ኣብ ቀረባና ዘላ ሓየት ሓብትና፡ ንብዙሓት ሓይሊን ትብዓትን ክኸውን ይኽእል እዩ።

ኣባል ማሕበር ዓይኑስወራን ኤርትራ ዳኛ ዘርኣይ ደብሳይ፡ 'ስንክልናን ሕግን' ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ ጽሑፍ ኣቕሪቡ ነይሩ። ኣብቲ ጽሑፍ ካብ ዝተላዕሉ ኣርእስትታት ብውሑድ ምስ እንጠቕሶ- ስንክልና ህዋሳዊ፡ ልቦናዊ፡ ኣእምሮኣዊ ጸገም ተባሂሉ ከም ዝግለጽ፣ ብሰንኪ ስንክልና ናይ ሓደ ሰብ ንጥፈታትን ምልእ ተሳትፎን ኣብ ውሽጢ ሕብረተሰብ ከም ዝድረት ከም'ኡ'ውን ስንክልና ውልቃዊ ጸገም ጥራይ ዘይኮኑ ወጽኢት ናይቲ ብሰንኪ እቲ ኣብ ልዕሊ ሓደ ሰብ ዘጋጥም ስንክልና



ተፈጠሩ ዘሎ ጸገምን ካልኦት ኣብ ውሽጢ ሕብረተሰብ ዘለዉ ዓንቀጽቲ ነገራትን ምዃኑ ተገሊጹ። ከም ኣብነት፡ ማሕበራዊ፡ ባህላዊ፡ ኣተሓሳስባ፡ ኣካላዊ ቅርጺን ካልእን ኣብ ሕብረተሰብ ዘለዉ ስርዓት-መራኸቢን ቁጠባን ክጥቀስ ይከኣል። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ክልሱ-ሓሳባትን ፍሉጣት ዓይነታት ስንክልናን ከምኡ ድማ፡ ግቡይ መረዳእታን ኣመለኻኽታን ብዛዕባ ስንክልና ዝብሉ ኣርእስታት'ውን ቀሪቦም ነይሮም። ብዘይካ'ዚ፡ መሰላትን ስንክልና ጠቀስ ሕግታትን ኣብ ኤርትራ ኣብ ዝብሉ ዛዕባታት'ውን ከፊላዊ ሓሳባት ናብ ዕዱማት ኣቕሪቡ።

ኤሸንኢዘር መሉጌታ ሓደ ካብ'ቶም ኣብ ግዜ ህጻንነቶም ስንክልና ዘጋጠሞም ዜጋታት እዩ። እዚ ገና 13 ዓመት ዝይመልኣ ዘሎ ቁልዒ ወላዲቱ ገና ሓደ ዓመት ከይመልአ እንከሎ ስንክልንኡ ኣለልያ ግቡእ ሕክምናዊ ክንክን ንኽረክብ ሳላ ዝጸዓረት፡ ሎሚ ጥዕናዊ ስውጢ ኣምጺኡን ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ክሳተፍ ክኢሉን ኣሎ። ኤሸንኢዘር ብዘይካ'ቲ



ወ/ሮ ፍዮሪ ብርሃን፡ ኣብ መድረኽ ኢደ-ጥበባዊ ስራሓት እናሳላሰለት

ኣብ ጥዕናኡ ዘርኣዮ ምዕባለ፡ ቅድሚ ሰለስተ ዓመትን መንፈቕን ኣቢሉ ይኸውን ድጉል ስጡጥባዊ ክእለቱ ወላዲቱ ወ/ሮ ሰናይት ሓድጉ ከተለልዮ ከኣለት። ካብቲ እዋን ጀሚሩ ከኣ መኣርሒ መዚቃ (ኦርጋን) ኣብ ምጽዋትን ምምላኽን ይርከብ። እቲ ስንክልናኡ ዘይዓገቶ ቈልዓ ኣብ ዝተፈላለየ ኢጋጥሚታት ዝያለቦ ክእለቱ ናብ ህዝቢ ከቕርብን ከንጸብርቖን ይረኣ። ኣብ'ቲ ምሸት ንጥዕሚ ዜማ ስጡጥባዊ ተኽለ ተሰፉዝጊ በተን ገና ዘይደልደላ ኣእዳዉ ብዘደንቕ መገዲ ክጻወት ተራእዩ። ብዘይካ'ዚ፡ ኦርያም ተስፋማርያም ኣብ ዓረብያ ስንኩላን ኰይና፡ በቲ ደልዲሉ ኣብ ሓደ ክቐውም ዘይክእል ኣካላታ፡ ኣብ ውሽጢ ውሰናት ደቓይቕ ቀለማት ኣወሃሂዳ ክትሰእል ዝተዓዘቡ ዕዱማት፡ ኣብ መፈጸምታ እንታይ ክትሰእል'ያ እናበሉ ብሃንቀውታ ደጺቦ ነይሮም። እታ ብቐሊሉ ክትዛረብ እትጽገም መንእሰይ፡ ቃላታ ሓደ ድሕሪ ሓደ ብምስራዕ ብዘሎምታ ከተውጽኦ ትረኣ፡ ስምዒታት ዝፈጠሮ ውሽጣዊ ሓሳባታ፡ ብናጽነት ኣብቲ ጸዕዳ ወረቐት ብምስኣል ድሌታት ውሽጣ ክትገልጽ ክትፍትን ትማስል።

ኣብ ተኽለ ፋሽን ዲዛይን፡ ንሓደ ዓመት ዝኣክል ብቕዲ ክዳን ክስልጥኑ ዝጸንሑ ኣስታት 25 መንእሰያት ኣብቲ ኢጋጥሚ ተመረቖም። ገለ ካብ'ቶም ሰልጣንቲ ዕለተ መመረቕታኦም ኣብ ኣህጉራዊ መዓልቲ ምስ ስንክልና ዝነብሩ ሰባት ክጸምብልዎ ሓሳብ ኣንቀሉ። ብመሰረት ዘቕረብዎ ሰናይ ሓሳብ፡ ዓይኑስወራን፡ ጸመማን፡ ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንኩላን ዝተሳተፍዎ ምርኢት ፋሽን ሸው ኣቕሪቦም። እቲ ምርኢት 'ፋሽን ንኹሉ' ኣብ ትሕቲ ዝብል ዝተኻየደ ኰይኑ፡ እቶም ምስ ዝተፈላለየ ስንክልና ዝነብሩ መንእሰያት ንኹሉን ብዘራት ዘውክል ባህላውን ዘመናውን ኣልባሳት ለቢሶም ክንቀሳቐሱ ተዓዚብና። ብስንኩላን ዘይድረር ወይ ዘይክኣል ዝመስል ዝበረ ሞያ ፋሽን ሸው፡ እቶም ኣብቲ ምርኢት ዝተሳተፉ ምስ ዝተፈላለየ ስንክልና ዝነብሩ ሰባት ኣዚ ዝጸንሐ ኣተሓሳስባ ሰዒሮሞ እዮም።

እቲ ኣብ ኣዳራሽ ኣዱሊስ ክሉብ ዝተኣንገደ መደብ፡ ብምኽንያት ኣህጉራዊ መዓልቲ ምስ ስንክልና ዝነብሩ ዜጋታታ ዝተኻየደ እዩ። ስንክልና ኣብ ህይወት ምስ ስንክልና ዝነብሩ ሰባት፡ ኣብ ውሽጢ ስድራ-ቤት፡ ቤተ-ሰብ፡ ጎረቤትን ኮምን ዘለዎ ባህላውን ማሕበራውን ጽልዋን፡ ዝፈጥሮ ጸቕጥን ተጸሊዎን ቀሊል ኣይኮነን። እቲ ዝፈጥሮ ጸቕጥን ጽልዋን ንምፍኳስ፡ ሓብራዊ ዕማም ኣጉዳሲ ስለዝኾነ፡ "ተሳትፎ ኮም ኣብ ምርግጋጽ መሰላት ስንኩላን ነሐይል!" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ኣብ ሃገርና ተዘኪሩ። ኣህጉራዊ መዓልቲ ምስ ስንክልና ዝነብሩ ብደረጃ ኣህጉር ንመበል 33 ብደረጃ ሃገርና ድማ ንመበል 29 ግዜኡ ተዘኪሩ።


## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ

ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጸ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቊ.ስ.163471-07588045

**ምልክታ**

ቊ.ስ 125013 - ቊ.ሳ.ጸ. 1284

ሽባብ

ሃማመተኤ

ማዕበል ንእስነት

# መን'ዩ መሓዛ ዝመርጸልካ?

ኣዱሊስ ተስፋይ

ሰዓት ሓደ ድሕሪ ቐትሪ እዩ። ስድራይ መኣዲ ተቐሪቦም ኣለዉ። ናይ ትምህርቲ ክዳነይ ክሳዕ ዝቕይር ብዓቕሊ ክጽበዩኒ ጸኒሖም። ምድንጓይ ስለ ዝተደጋገሞም'ውን ኣይተሓጎሱን።

"ማማ ምስኣን ኣይትኺዲ ኢልክያ ኣይትሰምዕን እያ። ንሰን እየን ዘደንጉይኣ ዘለዋ፡" በለ ምንኣሰይ ሓወይ። ምዕባየይ'ውን ኣይገደፈትን። ሰሚዐ ከም ዘይሰማዕኩ ብቐጥታ ናብ መኣዲ ተጸምበርኩ። ዝተበገሰ ነቐፌታ ንሓጺር ካልኢት ደው በለ። መኣዲ ምስ ተቐረበ ክትዕ ኣይፍቀድን እዩ። ኣብ መንጎ መኣዲ ናይ ማማ ሞባይል ደወለት። ኣልዓለታ። ደዋሊት ሚካል መሓዛይ እያ። "ኣየ ሳራ!" በለትኒ ማማ።

ሳራ እየ ዝብሃል። ጓል ዓሰርተ ኣርባዕተ ዓመት እየ። ኣብ ውዑይ ዕድመ እርከብ። ብናይ ማማን ዓቢ ሓወይን ናባይ ዝድውላ መሓዙተይ ብዙሓት እየን።

"መሓዙት ኣይትበዝሒ?" ዝብል ምኽሪ ክቕበሎ ኣይክኣልኩን። "ደረት ቊጽሪ መሓዙት ኣለዎ ድዩ? ምሕዝነት ብኸመይ ድዩ ዝጥረ? መን ከ እዩ ዝመርጸልካ?" ዝብል ብዙሕ ሕቶታት እየ ዘቕርብ።

"በቃ ኢለኪ ኣለኹ!" ብምባል ማማ ናብ ዕጽው ኣፍደገ ኣብጺሓትኒ ኔራ። ኣይኣመንኩላን። ሞባይል እናኣቐበለትኒ ነታ ዘረባ ደገመታ። ሰላምታ ከየንዋሕኩ፡ ንሚካል ንራኸበሉ ቦታ ሓቢረ ተሌፎን ዓጸኽዋ። ምስ ሚካል ምቊጻረይ ኣይተሓጎሰትን። ተጸዊጋ'ውን ጠመተትኒ።

መኣዲ ተላዕለ።



"ሳራ፡ ምስዘን ቈልዑ ምኻድ ዘይትገድፍዮ?" ዘረባ ኣበገሰት ማማ፡ ብህድኣት። ቃናኣ ቅይር ዝበለ ኾይኑ ተሰሚዑኒ።

"ኣይትመሳሰላን ኢኽን። ብዕድመ'ውን ኣይትራኸባን፡" ኣጋነነት ማማ።

"ከይጸልዋኺ እዛ ጓለይ" ጽውግታ ገጺዩ ርእያ፡ ነታ ዘረባኣ ኣለስለሰቶ። ብዓሰርተ ዓመት ዝዓብየኒ በኹሪ ሓወይ፡ ነታ ዘረባ ንኽምልኣላ ጐረሮኡ ጸረገ።

"መንእሰይ ብሓድሽ ነገር ቀልጢፉ እዩ ዝጽሎ። መንእሰይ ብመንእሰዩ'ውን እቲ ኣብ ግርዝውና ዝርከብ እዩ፡" በለኒ። እቲ ሓሳብ ኣየካትዕን እዩ። ፍሉጥን ኲሉ ግዜ ዝደጋገምን እዩ።

ዳኒኤል ዝፈትዎ ዓቢ ሓወይ እዩ። ህድኣቱን ናይ ምርድዳእ ዓቕሙን ኣዝዩ እዩ ዘምስጠኒ። ካብ ኮለጅ ተመሪቑ ስራሕ ካብ ዝጅምር ክልተ ዓመት ጥራይ እዩ ኣሕሊፉ። እቲ ኣብ ገዛ ምምሃርን ምርድዳእን ግን ኣይገደፎን። ዳኒኤል ፈታው ገዛ እዩ። ሓላፍነት ናይቲ ብስራሕ ቀጻሊ ዝገይሽ ኣቦና እዩ። ኣርኣያን ኣብነትን ክኾነና እዩ ዝጽዕር። "ማዕዳ እንተ በዚሑ ኣይጽቡቕን እዩ፡" ኢለ ናብ መደቀሲየን ተበገስኩ።

"ሓንሳብ እሞ ኮፍ በሊ፡" ብጥዑም ቃላት እናሰሓቐ ብኢደይ ሒዙ ኮፍ ኣበለኒ። ዝተዛረብክዎ ድኣ እምበር ዝተነገረኒ ክሰምዕ ባህ ኣይብለንን እዩ።

"ሕራይ 'ቢግ ብራዘር'፡" በልክዎ። ንዳንኤል ኣብ ክንዲ ኣያ፡ ብ'ቢግ ብራዘር' ኢና ንጽውዖ።

"ሳራ ሓፍተይ... ንስኺ እምበር ንሰን ክጸልዋኺ የብለንን። ምኽንያቱ ንስኺ ንፉዕቲ፡ ብልጽቲ፡ እርምቲ ሰብ ክትጸልዊ ይግባእ፡" በለኒ።

"ይጸልዋኺ ኣለዋ ድዩ ዘረባኻ?" ሓተትክዎ ንዳኒኤል ከም ሕርቕ ኢለ። ብቕንያቱ ማማ ነታ ዘረባ ከተኲማስዖ እያ ቀንያ። ኣብ ምምራጽ መሓዙት ኣይተረዳዳእናን። "መሓዛይ መን ድዩ ክመርጸለይ ዝግባእ?" ባህ ኣይበላን። ዳኒ ሓወይ'ውን ከምኡ። ምዕባየይ ግን ናይ ነገር ጓል "ንሕና" በለትኒ ብስምዒት። ናይ ክልተ ዓመት ጥራይ እዩ ፍልልይና።

"ምስ ሄለን እምበር ምስ ብዓል ሚካል ከይትኸዲ ዝብሃል ኣይሰምዕን እየ፡" በልክዎ- ነቲ ክርድኣኒ ዝኽእል ዓቢ ሓወይ። ብግደ ሓቂ መምርሒ ማማ ክቕበሎ ተሸጊረ እየ። ኹላተን መሓዙተይ እየን። ነናተን ጽባቐ'ውን ኣለወን።

ሚካል መሓዛይ ኲሉ ግዜ ጽቡቕ እያ ትኽደን። ዕላላ መሳጢ እዩ። ልዕሊ ኹሉ ግርህነት ኣለዋ። ኣብ ትምህርቲ'ውን ድኽምቲ ኣይኮነትን። ምናልባት ብኽልተ ዓመት ትመርሓኒ ትኸውን። ፌሩዝ'ውን ከምኡ።

ሄለን፡ ንፍዕቲ ናይ ትምህርቲ ሰብ እያ። ቊጥብቲ፡ ካብ ምዝራብ ምስማዕ ዝያዳ ባህ ይብላ። መማህርትና ብጉራሕን ልባ ዘይትርከብን ሰብ ይገልጽኣ። ኣብ ኣካዳድና ብዙሕ ግድስቲ ኣይኮነትን። ሳሕቲ ናይ ዓበይቲ ኣሓታ ዝነበረን ግዜኡ ዝሓለፎን ክዳን ተኸዲና ናብ ትምህርቲ ትመጽእ። ሓቂ ይሓይሽ ብሄለን እሓፍር እየ።

"ብሉጽ ሓንጐል እምበር ምሩጽ ክዳን እንታይ ይገብረለይ? ካብ ደገይ ውሽጠይ እንተ ጸበቐ ይሓይሽ፡" ዝብል እምነት ኣለዋ። ብኣከዳድንኣ ንዝስሕቕ ሰብ ግዲ ኣይትገብረሉን እያ።

ሚካል፡ ፌሩዝን ሄለንን ናብ ገዛና ኣብ ዝመጽኣሉ፡ ኲላተን ንሓቀኛ ባህርያተን ኣይሓብእኦን እየን። ኣከዳድንኣን'ውን ኣይቅይራን እየን። ማማ፡ ብሚካልን ፌሩዝን ሕጉስቲ ኣይኮነትን።

"እንታይ ማለት እዩ ኣብዚ ዕድመ እዚ ከምዚ ዓይነት ኲሕሊ? ኣበይ ንምብጻሕ እዩ ከምዚ ዓይነት ምምሻጥ? እንታይ ዓይነት ክዳን እዩ?.. ከምዚ ዓይነት መነጸር ዓይኒ..." እናበለት ብዙሕ ነቐፌታ ተቕርበለን። ንገሊኡ እኳ እድግፎ እንተ ነበርኩ፡ "ስለምንታይ እያ ናተይ ምርጫ ወዲኣስ፡ ናብ መሓዙተይ ትስግር ዘላ?" ዝብል ሕቶ ከበግስ እግደድ።

"ሰብ ብደጊኡ ዲኻ ትመርጾ?" ክብላ'ውን እፍትን እየ። ንማማ ከምኡ ዓይነት መልሲ ክህባ እኽእል ኣይነበርኩን። እቲ ናይ ምዝርራብን ምብህሃልን መኣዲ ኣይፈጠርናዮን። ሰሚዐ ስቕ ምባል ግን ከም መልሲ ሓሰብክዎ።

"ብሕልፊ ሚካል ክትጸልወኪ እያ፡ " ምባላ ኣይተዋሕጠለይን።

ብውሽጠይ 'መቕሎ ዶ ፎርኖ ኮይና፡' ክብል ስለ ዝሓሰብኩ፡ ዘረባይ ንኣይ ኣስሓቐኒ። ስሓቐይ ንማማ ኣሕረቓ። ሕርቃና ኣብ ገጻ ርኣኹዎ።

"ሳራ! ኣብ ቊምነገር ዘረባ ትስሕቒ?" ኲረየለይ፡ ምንኣስ ሓወይ። ነገር ምዕባይን ምንኣሰይ ምክሳስ ኣይተርፍን እዩ። ካብ ምዕባየይ ግን ንሱ ይሓይሽ ቀሩብ ይርድኣኒ እዩ።

"ማማ ይቕረታ ብዘረባኺ ኣይኮንኩን ስሒቐ፡" በልክዎ። ዘመኽንዮ ግን ጠፊኡኒ። ስቕ ኢለ ናብ መደቀሲአይ ኣተኹ። ዳኒኤል ሓወይ ደድሕረይ ሰዓበ። ዝሕለፎ ህይወትን ዛንታ ኣዕሩኽቱን ብዝርዝር ገለጸለይ።

"ሳራ ሓፍተይ ጽልዋ መዘና ሓያል እዩ። ክትጥንቀቕሉ እንተ ዘይክኢልካ..." ምስ በለኒ፡ ርእሰይ ኣቕኒዐ ጠመትክዎ። ዘረባኡ ከወድኦ ኣይደለኹን።

"ጽልዋ፡ ኣብ ባህርኻ ለውጢ ክትገብር ዝድርኽ ሓይሊ እዩ። መዘና ክጸልወኪ ይኽእል እዩ። ኲሉ ግዜ ናብ ጽቡቕ ተበገሲ። ብጽቡቕ ተመሰጢ። ንሰናይ ሰዓቢ። ስለዚ፡ መሓዙት ባዕልኺ ምረጺ። ኣብ ምርጫ ከይትጋገዩ ጥንቃቐትን ትኲረትን ኩኒ፡" በለኒ። ብሓሳቡ ተሰማማዕኩ። ክዳነይ ቀይረ ናብቲ ሚካል ዝቛጸረትኒ ቦታ ተበገስኩ።

ልቦና

# ኣነቓቓሒ ዛንታ

## ተምሳል ጉስ

ሱራፌል ተ.

ጉስ ካብ ደርሆማይ ዕብይ ዝበላ ዓይነት ኣዕዋፍ እየን። ኣብ ግዜ ቀውዒ፡ ሓጋይ ናብ ዘለዎ ኣንፈት ክበራ እንከለዋ፡ ቀስቲ (ርእሲ ኲናት) ዝመስል መስርዕ ሒዘን ይበራ። ስለምንታይ ከምኡ ኢለን ይበራ፡ ሳይነስ ኣጽኒዑ መልሲ ቀሪብልኩም ክህሉ ተስፋ ኣሎ። ነፍሲ ወከፍ ዑፍ ጉስ ኣባል ሓደ ዕስለ፡ ብቕዲ ቀስቲ ክትበርር እንከላ፡ ነታ ድሕሪኣ እትስዕባ ዑፍ ብውሑድ ጸዓት ንኽትበርር ትሕግዛ። በዚ ቅርጺ'ዚ ምብራር፡ ንነፍሲ ወከፍ ዑፍ፡ ካብቲ በይና እትበሮ ብ71 ሚእታዊት ናይ ምብራር ዓቕሚ የዕብዮ።

ሓደ ኣንፈት ዝሓዙ፡ ብሓፋሽ ዝሓስቡ ጥቡብ ዘለዎም ሰባት፡ ናብቲ ዝደለይዎ ብቐሊሉ ቀልጢፎም ክበጽሑ ይኽእሉ። ምኽንያቱ ጉዕዞኦም ኣብ ንሓድሕዶም ብምትእምማን ስለ ዝኸድዎ።

ኣብ ቅርጺ ቀስቲ ኣትያ ክትበርር ዝጸንሐት ጉስ፡ ካብቲ መስመር ፍልይ ምስ እትብል፡ እቲ ንኽትበርር ዝኽልክላ ተፈጥሮኣዊ ተጻራርነት ይዛይድ፣ ቀልጢፋ ናብ መስርዓ ክትምለስ ትግደድ።

ከም ናይ ጉስ ምስትውዓል እንተ'ለና፡ ካብ መስመር እቶም ናብ ኣንፈትና ዘጓዕዙና ሰባት ኣይንፍንተትን።

ኣብ በሊሕ ጫፍ ናይቲ ቀስቲ ኣብ ዘሎ ነጥቢ ቀድሚት እትበርር መራሒት ዑፍ እንተ ደኺማ፡ እዘን ኣዕዋፍ ንድሕሪት ሸብልል ኢለን ይምለሳ። ነታ ዝደኸመት ተኪአን፡ ናብቲ ፈለማ ዝነበርኦ ኣንፈት ሒዘን ጉዕዞአን ይቕጽላ።

ኣመና ወሳኒ ዕማም ኣብ ዝህልወና፡ ሸብልል ኢልና ብምምላስ ክንሕደስን ብሓድሽ ሓይሊ ደጊምና ክንብገስን ይከኣል'ዩ።

እተን ኣብ ድሕሪት ናይቲ ዕስለ ዝርከባ ጉስ፡ እናነቀዋ ይጓዓዛ። ብናቛኣን፡ ነተን ቀድሚት ዝበራ



ፍጥነተን ከየጉድላ የተባብዓ።

ንሕናኸ ብድሕሪት ኴንና ክንቅው (ዓሸ ክንብል፡ ርእይቶና ክንህብ፡ ወይ ክንጮፍር) እንከለና እንታይ መልእኽቲ ንምሃብ ኢና?

ኣብ መወዳእታን ኣገዳስን ተምሳሌት እዘን ኣዕዋፍ ከኣ ንርኣ፤ ኣብ ጉዕዞ እዘን ዕስለ፡ ሓንቲ ዑፍ እንተ ሓሚማ ወይ ብዝኾነ ተሃሪማ ካብኣን ምስ ትተርፍ፡ ክልተ ካብዘን ዕስለ ምስኣ ይተርፋ። ዓቕማ መሊሳ ክትበርር ክሳዕ እትጅምር ወይ ክሳዕ እትመውት ምስኣ ይጸንሓ። ሽዑ ናተን ጉዕዞ ይጅምራ፣ ካልእ ዕስለ እንተ ረኺባ ኸኣ ተሓዊሰን ንብጾተን የርክባ።

ከም ናይዘን ኣዕዋፍ ምስትውዓል እንተ'ለና፡ ኣብ ጉድኒ ሓድሕድና ደው ክንብል ኢና።

inspirationalstories.com

# ሓሳባት

## ሕብረተሰባት ካበይ ናበይ ብኸመይ?

ሰረት ክፍለ
መበል 32 ክፋል

*ኣብ ዝሓለፈ ክፋላት ናይዚ ጽሑፍ'ዚ፡ ማሕበረሰብ እንታይ ማለት ምዃኑን ንማሕበረሰብ ዘቖሙ ደንበታትን ክብርታትን ኣገባብትን ከምኡ'ውን ብዝዕባ ውዳበ ግደ ማሕበራዊ ውድባትን ትካላትን፣ ተራን ሓላፍነትን መንግስቲ፣ ብዛዕባ ወልቃዊን ሓባራዊን ድሌታት ኣብ ውሽጢ ማሕበረሰብ፣ ተራ ማሕበራዊ ውዳበታት ኣብ ምፍጻም ሓባራዊ ደሌትን ምፍታሕ ግርጭታትን፣ ጠንቂ ግርጭት ኣብ ማሕበረሰብ፣ ትርጉምን ኣገዳስነትን ማሕበራዊ ምምሕርራይ፣ ምሕደራ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ኣካላት፣ ክልሰ ሓሳብ X & Y ኣብ ኣገባብ ምሕደራ ብምምልካት፡ መራሕቲ ኩሉ ሳዕ ሓደ ዓይነት ምሕደራ ከምዘይክተሉ ዘርኢ ኣብነታት ኣቕሪብና። መቐጸልታኡ ይስዕብ–*

***

ኣብ ኣፍሪቃ ይኹን ኣብ ኤርትራ ብዛዕባ ቅዲ-ምሕደራ መንግስታዊ ኣካላትን ዘይመንግስታዊ ትካላትን ዝድህስስ ዓሚቕ መጽናዕቲ ዘሎ ኣይመስለን። ከምኡ'ውን ከምቲ ኣብ ዝሓለፈ ጽሑፍና ዝጠቐስናዮ፡ ኣብ ኣፍሪቃ ከም ኣብ ኤውሮጳ ሓደ ዓይነት ማሕበራዊ ኣገባብ ኣሎ ምባል ኣሸጋሪ እዩ። ኣብ መንጎ ዝጠዝሐ ክፋል ህዝቢ ዝነብረሉ ገጠራትን ከተማን ብዙሕ ፍልልይ ስለዘሎ። ብሰንኪ'ዚ ሕጽረትን ፍልልይን'ዚ ብዛዕባ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ምሕደራ ብሓፈሻ ሳዕሲ ጥራይ ኢና ክንድህስሶ ክንፍትን። ከምቲ ኣብ ሳዕሲ ዝተጠቕሰ ኣብዚ ቀንዲ ንግደስሉ፡ ምሕደራ ብመንጽር መሬታዊ መሓብሮ ስቡት እዩ።

ኣብ ኤርትራ ምሕደራ መንግስታዊ ኣካላት ብዓዲ፡ ምምሕዳር ከባቢ፡ ንኡስ ዞባ፡ ዞባ፡ ሃገርን ዝተወደበ እዩ። ኣብ ኤርትራ ዘይመንግስታዊ ትካላት፡ ብሓርፋፍ ኣብ ሰለስተ ዝኽፈል ኮይኑ፡ እቲ ዝዓበየ ህዝባዊ ግንባርን ኣብ ትሕቲ ህዝባዊ ግንባር ዝውደባ ማሕበር ደቀንስትዮ፡ ማሕበር ሰራሕተኛታትን ማሕበር መንእሰያትን የጠቓልል። እቲ ካልኣይ ክፋል ናይ ብሕታዊ ክፋል ውዳበታት ኮይኑ ቤት ምኽሪ ንግዲ፡ ፈደረሽን ኣስራሕቲን ካልኦት ሞያውያን ማሕበራትን የጠቓልል። እቲ ሳልሳይ ክፋል ድማ፡ ንግዲይትን ንኣሽቱን ንግዳውያን ትካላት የጠቓልል።

ኣብ መዓልታዊ መነባብሮ ሰብ ዓቢ ተራ ዘለዎ መንግስታዊ ኣካላት፡ ምምሕዳር ዓዲ፡ ምምሕዳር ከባቢን ንኡስ ዞባን ኮይኑ፡ ካብ ዘይመንግስታዊ ትካላት ድማ ብቐንዱ ንግዳዊ ትካላት እዮም። እዚ ማለት፡ ንኣብነት ምምሕዳር ዞባ ኣብ መዓልታዊ ናብራ ሰብ ጽልዋ የብሉን ማለት ኣይኮነን። ዝጠዝሐ ርክብን ልውውጥን ሰብ ግና ምስ ዓድን ምምሕዳር ከባቢን ንኡስ ዞባን ምዃኑ ንምንጻር እዩ።

ህዝባዊ ግንባር ይኹን ማሕበራዊ ውድባቱ ኣብ መዓልታዊ ናብራ ሰብ ብዙሕ ጽልዋ ኣለወን። ይኹን'ምበር ናተን ጽልዋ'ውን ብዞባን ንኡስ ዞባን ምምሕዳር ከባቢን እዩ ዝረኣ።

ኣብ መንጎ ኩሉ ጸፍሒታት መንግስታዊ ኣካላትን ህዝባዊ ግንባርን ብዙሕ ምትእስሳር ከም ዘሎ ኣይዝንጋዕን። እዚ ግን ወርሻ ቃልሰን ብድሕሪ ናጽነት ንሓልፎ ዘለና ዘይንቡር ኩነታትን ዘስዓቦ እዩ። ኣብ ንቡር ኩነታት ኣብ መንጎ መንግስትን ፖለቲካዊ ውድባትን ንጹር ፍልልይ ክህሉ ምጽባይ፡ ንቡር ነገር እዩ።

መብዛሕትኡ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ገጠራት ዝነብር ኮይኑ፡ ምስ መንግስታዊ ኣካላት ዘለዎ ዝጠዝሐ መዓልታዊ ርክብ ወይ ልውውጥ ብሓፈሻ ምስ ዓዲ ወይ ምምሕዳር ከባቢ እዩ ክበሃል ይከኣል። ምስ ንኡስ ዞባ ወይ ዞባ ርክብን ልውውጥን የለን ማለት ግን ኣይኮነን። ኣብ መነባብሮኡ ዝጠዝሐ ኣገዳሲ ርክብ ምስ ዓድን ምምሕዳር ከባቢን ምዃኑ ንምንጻር ጥራይ እዩ። ኣብ ከተማ ዝነብሩ ድማ ዝጠዝሐ ርክቦም ምልውዋጦም ምስ ምምሕዳር ከባቢን ንኡስ ዞባን እዩ ክበሃል ይከኣል። ኣብ መዓልታዊ መነባብሮ እንተመጺእና፡ ነቲ ገጠር ይኹን ከተማ ዝጠዝሐ ዘለዎም ርክብን ልውውጥን ምስ ንግዳዊ ትካላት ምዃኑ ኣየጠራጥርን።

መራሕቲ ምምሕዳር ከባቢን ንኡስ ዞባን፡ መራሕቲ ንግዳዊ ትካላትን ብመንጽር ናይ ማክሮግሮር ቅዲ-ምሕደራ ከመይ ይመስል?

ብንግዳዊ ትካላት ክንጅምር፡ ኣብ ገጠር ይኹን ኣብ ከተማ ዝነብር ህዝብና፡ (ምስ መቕርቡን ቤተሰቡን ዘሎ ማሕበራዊ ርክብ ኣብ ግምት ከየእተና) ዝጠዝሐ መዓልታዊ ርክቡን ልውውጡን ምስ ንኣሽቱ ንግዳዊ ትካላት እዩ ክበሃል ይከኣል። ኩሉ እኳ እንተዘይተባህለ መብዛሕትኡ ንኣሽቱ ንግዳዊ ትካላት ብስድራቤት ዝውነኑ ኮይኖም ዘለዎ ርክብን ልውውጥን ብቐረባ ምስ ዝፋለጡ ዓደግትን ሸየጥትን እዩ። ብሓፈሻ ድማ፡ ጽቡቕን ንዉሕ ዝቐጸለ ዝምድናን እዩ። መብዛሕትኡ ንኣሽቱ ንግዳዊ ትካላት ብወለዲ ወይ ውሉዶም ዝመሓደሩ ኮይኖም ዝተቖጸሩ ሰራሕተኛታት'ውን ሓወሲ ስድራቤታዊ ዝምድና እዩ ዘለዎም። መብዛሕትኡ ማሕበራዊ ጉጅለታት ኤርትራ ብኣባታዊ ልምዲ ስለዝተሃንጹ ዝጠዝሐ ውሳኔ ብኣቦ ወይ ወዲ ተባዕታይ ይግበር ክበሃል ይከኣል እዩ። ብዙሓት ሓያላት ደቀንስትዮ ነጋዶ ከምዘለዋ'ውን ይፍለጥ።

ኣብዞን ዝርከባን ዓበይቲ ኣፍሪቃዊ ወይ ንግዳዊ ትካላት፡ ዝምድና ዕዮ ኣብ ሓልዮትን ምትሕግጋዝን ዝተመርኮሰ ኮይኑ፡ ዳርጋ ኩሉ ዓበይቲ ውሳኔታት ብዋና ወይ ብኣካያዲ ስራሕ እዩ ዝወሰድ ክበሃል ይከኣል። ናይ ማክሮግሮር ወይ ፍረድ መግለጺ ክንክተል እንተኾይንና፡ መራሕቲ ዓበይቲ ኣፍረይቲ ንግዳዊ ትካላት "ቀይዳዊ-ምሕደራ" ዝኽተሉ እዮም ክበሃል ይከኣል።

ታሕተዋይ ጸፍሒ መንግስቲ፡ ብደረጃ ዓድን ምምሕዳር ከባቢን ዝቖመ ኮይኑ፡ መራሕቲ ብቐጥታ ብህዝቢ ዝምረጹ እዮም። እቲ ኣብዚ እዋን ዘሎ ምሕደራ ዓድን ከባቢን ካብቲ ንዘመናት ዝጸንሐ ሕጊ እንዳባ ዝሰረተ ዓይነት ምሕደራ ብዙሕ ዝፍለ ኣይመስለን። ኣመሓደርቲ ዓዲን ምምሕዳር ከባቢን ብኣጸባብዕቲ ዝቖጸሩ ኮይኖም ውሱን ዕምሚት ሃልዩዎም ምስ ህዝቢ ብቐረባ ዝሰርሑ እዮም። ብደረጃ ዓዲ ወይ ብምምሕዳር ከባቢ መብዛሕትኡ ውሳኔ ዘድልዮ ነገራት ብቐጥታ ምስ መነባብሮ ናይ ዓዲ ወይ ምምሕዳር ከባቢ ዝተሓሓዝ ኮይኑ ብምይይጥን ምርድዳእን ህዝቢ ዝፍጸም እዩ። ከምዚ ዓይነት መስርሕ ምሕደራ ድማ ብመሰረት ኣጓልልጻ ማክሮግሮር "ኣሳታፊ-ምሕደራ" ክበሃል ይከኣል።

ማእከላይ ጸፍሒ መንግስቲ፡ ብንኡስ ዞባ ዝቖመ ኮይኑ ኣመሓደርቲ ብህዝቢ ዝምረጹ እዮም። ብንኡስ ዞባ ደረጃ ንመዓልታዊ ህይወት ሰብ ዝጸሉ ብዙሕ ዕማማት ይካየድ እዩ። መንግስትን ህዝባዊ ግንባርን ኣብ ምርጫ ኣመሓደርቲ ንኡስ ዞባ ይኹን ኣብ መዓልታዊ ዕማማት ኣመሓደርቲ ንኡስ ዞባ ዓቢ ጽልዋ ዘለዎም ይመስል። ህዝባዊ ግንባር ኣብ ቃልሲ ተወሊዱ፡ ብዙሕ ፈታኒ ጸገማት ኩነታት ዝሓለፈ ውድብ ከም ምዃኑ መጠን፡ ምስጢርን ቁጽጽርን ባህርያዊ ዝኾነሉ (Second Nature) እዩ። በዚ ድማ፡ ኣብ ማእከላይን ላዕለዋይን ጸፍሒታት መንግስቲ፡ መንግስቲ ወይ ህዝባዊ ግንባር ዓበይቲን ኣገደስትን ንዝበሃሉ ጉዳያት፡ ብዝተማእከለን ብውሱናት ሰባትን ጥራይ ክውሰን ክመርጹ ንበር እዩ ክበሃል ይከኣል።

ብመሰረት ቅዲ-ምሕደራ ፍረድ ድማ "ቀይዳዊ-ምሕደራ" እዩ ክበሃል ይከኣል።

### ምሕደራ ኣብ ግዜ ቃልስን ኣብ ዘይንቡር ኩነታትን

ኣብ ዝሓለፈ ምዕራፋት ናይዚ ጽሑፍ'ዚ ብዛዕባ "ማሕበራዊ ኣገባብ" ሓጺር መእተዊ ገይርና ነይርና። ኣብዚ ከኣ ማሕበራዊ ኣገባብ ኣብ ቅዲ-ምሕደራ ዘለዎ ተራ ክንድህስስ ክንፍትን ኢና።

ምዕራባውያን ጸሓፍቲ ነዚ ኣብ ሳዕሲ ዝረኣናዮ ክልሰ ሓሳብ ቅዲ-ምሕደራ ምስ ወተሃደራዊ ምሕደራ ኣተሓሒዞም ክገልጽዎ እንከለው፡ ነቲ ቀይዳዊ-ምሕደራ ማለት ክልሰ ሓሳብ X "ትእዛዝን-ቁጽጽርን" (Command and Control) ይብልዎ። ነቲ ኣሳታፊ-ምሕደራ ማለት ክልሰ-ሓሳብ Y ከኣ "ተልእኾን ቁጽጽርን" (Mission Command) ኢሎም ይገልጽዎ።

ምስዚ ናይ ምዕራብ ኣጓልልጻ ብምዝማድ፡ ሰውራ ኤርትራ ብቐንዱ ድማ ህዝባዊ ግንባር እንታይ ዓይነት ቅዲ-ምሕደራ ይኽተል ነይሩ? ብሳዕሲ ሳዕሲ ክንድህስሶ ኢና።

ህዝባዊ ግንባር ወተሃደራዊ፡ ማሕበራዊ፡ ቁጠባዊ፡ ፖለቲካዊ ውዳበታት ከምዝነበሮ ይፍለጥ። እቲ ወተሃደራዊ ውዳብ ብመሰረቱ ጋንታ፡ ሓይሊ፡ ቦጦሎኒ፡ ብርጌድ፡ ክፍለ-ሰራዊት ክሳብ ኮር ዘጠቓልል ኮይኑ፡ ካብ 6 ክሳብ 7 ጸፍሒታት ዘለዎ እዩ። ንውሽጢ ጠሊቕካ ከይኣተኻ ከምዚ ዓይነት ብዙሕ ጸፍሒታት ዘለዎ ውዳብ ናይ "ትእዛዝን-ቁጽጽርን" ቅዲ-ምሕደራ እዩ ዝኽተል ክበሃል ይከኣል። ኣብ ትእዛዝን-ቁጽጽርን ዓይነት ምሕደራ ድማ፡ በቲ ናይ ምዕራብ ክኢላታት ኣበሃህላ፡ ውሳኔታት ብላዕለዎት መራሕቲ ዝውሰድ ኮይኑ፡ "ቀይዳዊ-ምሕደራ" እዩ ክበሃል ይከኣል።

ኣብ ግብሪ ጥልቕ ኢልካ ክርአ እንከሎ ግን ኣብ ወተሃደራዊ ስርሒታት፡ ኣብ ባይታ ዘለዉ ተራ ተጋደልቲ ይኹኑ፡ መራሕቲ ማሰርሖም ልዕሊኦም ዘለዉ ኣዘዝቶም ኩነታት ብዘጠልቦ መሰረት ከም ዝውሰኑ፣ ከምዚ ዓይነት ናጽነት'ውን ቀንዲ ደራኺ ወተሃደራዊ ዓወታት ህዝባዊ ግንባር ምንባሩ ይፍለጥ። ከምዚ ዓይነት ምሕደራ ድማ፡ ብወተሃደራዊ ኣዘራርባ ምዕራብ ምሕደራ "ተልእኾን ቁጽጽርን" እዩ፡ ብዙሓት ደረጃ ምውሳን ድማ "ኣሳታፊ-ምሕደራ" እዩ።

ከምዚ ናይ ህዝባዊ ግንባር ዓይነት ቀያዲ ወተሃደራዊ ቅርጺ፡ ኣብ ስርሒታት ድማ ኣሳታፊ፡ ብሓፈሻ እንታይ ዓይነት ቅዲ-ምሕደራ ይኽተል? ኢልካ ምሕታት ንወተሃደራዊ ውዳቡኡን ቅርጹን ጥራይ ርኢኻ 'ቀያዲ-ምሕደራ እዩ' ወይ'ውን ኣብ ግዜ ስርሒት ዘሎ ናጽነት ውሳኔ ጥራይ ርኢኻ 'ኣሳታፊ-ምሕደራ እዩ' ኢልካ ብድብድቡ ምግላጽ ትርጉም ይህብ'ዶ?

ቅዲ-ምሕደራ ህዝባዊ ግንባር ኣብ ግዜ ቃልስን ዘይንቡር ኩነታትን ብምንታይ ይግለጽ ንኺ ገዲፍና፡ ህዝባዊ ግንባር ዝመሓደረሉ ቅዲ-ምሕደራ፡ ኣብ ማሕበራዊ-ኣገባብ ኤርትራ ብፍላይ ድማ ኣብ ምምሕዳር መንግስቲ ዓሚቕ ሰር ተኺሉ እዩ። ናጽነትና ዘረጋገጸን ልኡላውነትና ዘውሓሰን ማሕበራዊ ኣገባብ ይኹን ቅዲ-ምሕደራ ብውጽኢት ክምዝን እንከሎ ድማ ኣዝዩ ኣድማዒ ምንባሩ ዘከሓድ ኣይኮነን።

በዚ ምኽንያት እዚ ወርሻ ሓርነታዊ ቃልሲ ዝኾነ ማሕበራዊ ኣገባብን ቅዲ-ምሕደራን ከም ውህብ ወሰድኻ፡ ንጽቡቕ ጎነታቱ ዓቂብካ፡ ንድኽመታቱ ኣመዓራርኻ፡ ሕማቓቱ ኣሊኻ ንቕድሚት ኣብ ምኽኻስ ኣዝዩ ሓጋዚ ወርሻ እዩ። ኣብዚ እቲ ኣገዳሲ መልእኽቲ ቀያዲ ወይ ኣሳታፊ (ወይ'ውን ብፖለቲካዊ ኣዘራርባ፡ ምልካዊ ወይ ደሞክራሲያዊ) ቅዲ-ምሕደራ ሕማቕ ወይ ጽቡቕ እዩ ንምባል ዘይኮነስ፡ ቅዲ-ምሕደራ ብቐንዱ፡ ውሳኔታት ብኸመይ ይውሰዱ ወይ ይውሰኑ ዝገልጽ ጥራይ ምዃኑ ንምንጻር እዩ። ንሓፈሻዊ ሰብ ኣብ መዓልታዊ መነባብሮ ቀንዲ ኣገዳሲ ድማ ውሳኔ ብኸመይ ተበጺሑ ዘይኮነስ ዝተወሰደ ውሳኔ ንመነባብሮ ብኸመይ ይጸሉ እዩ።

ይቕጽል . . .




## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | መደብ ጽባቐ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ሓፈሻዊ ውድድር ቡያ |
| 13:30 | (ዜና ዓረብ) |
| 13:40 | ዕላል ጥበባት |
| 14:20 | ተኩኢንሳይት |
| 15:00 | ፓኖራማ |
| 15:25 | ዶክመንታሪ |
| 15:55 | ናትራን 1ይ ክፋል |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ሴላ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:40 | ናትራን 2ይ ክፋል |
| 19:07 | ፊዮሪና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ተኸታታሊት ፊልም ዕርፊ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ዶክመንታሪ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:15 | መቓልሕ መንእሰያት |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | እትመት ሲትኣም |

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ሳባ ደሱላቕ ተ/ሚካኤል 2. ክብሮም ደሱላቕ ኣዴና መኣዛ ገ/እግዚኣብሄር እምነቱ ስለዝዋረረት፡ ንሕና ምስ 2 ኣሕዋትና ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ተጸዋዕቲ ወረ/ፍ ሓጎስ የውሃንስ ፍጡር 1.1 መንግስ ሓጎስ 1.2 ጉት ሓጎስ 1.3 ኣሰፋው ሓጎስ1.4 ተኽኣ ሓጎስ 1.5 ሳምሶም ሓጎስ1.6 ንግስቲ ሓጎስ1.7 ሰለሞዊት ሓጎስ1.8 ኣርሴማ ሓጎስ1.9 ሩና ሓጎስ1.10 የማ ሓጎስ 2 ወረ/ፍ መኣዛ የውሃንስ ፍጡር 2.1 ወ/ሮ ሕርይቲ ስብሓቱ 2.2 ወ/ሮ ጺጋ ስብሓቱ 2.3 ኣልማዝ ስብሓቱ 3 ወረ/ፍ ጸጊሮማ የውሃንስ ፍጡር 3.1 ማቲዎን እሲፋኖስ 4 ወረ/ፍ ንጸህቲ የውሃንስ ፋር 4.3 ትርሓስ ኣማኑኤል፡ 5. ወ/ሮ ኣኽበረት የውሃንስ ፍጡር 6. ወ/ሮ ኢትዮጵያ የውሃንስ ፍጡር 7. ወረ/ፍ መብራህቱ የውሃን ፍጡር 7.1 ኣርብዓም መብራህቱ ተጸዋዕቲ ኣብ ላዕሊ ተጠቒስኩም ዘለኹም ወረ/ፍ መም/የውሃንስ ፍጡር፡ ወረ/ፍ መኣዛ የውሃንስ ፍጡር ወ/ሮ ምብራቕ ስብሓቱ ንምቕሊት ውርሲ ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልኩም ስለ ዘሎ፡ መልሲ ሒዝኩም ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል 24/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ቕረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክርአ ምኳኑ ንፈልጥ።

ኣሮን ተስፋገርጊስ ጸገ ምባል ተረፉ፡ ብንያም ተስፋይ ጸገ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ሰላም የማ ተኽሉ ተኸሳሲ ኣቶ የውሃንስ ርእሶም ጺጋይ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ን31/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቕረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክርአ ምኳኑ ንፈልጥ።

ብወለዳ መሴ ኢሳቕን ወ/ሮ ኣኽበረት እሲፋኖስን፡ ት/ዕድመ ሰሳይት መሴ ኢሳቕ ምባል ተረፉ፡ ሆሰእና መሴ ኢሳቕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣቶ ተማሰገን ኣቶብርሃን ኣብርሃ፡ ኣደይ እዝጌሃርያ ኣልመደም ዘወልዱ ስለዝዋረረት፣ ንኣቦና ኣቶብርሃን ኣብርሃ ናይ መጻምዲ ማሰሉ ይተሓለወለይ፡ 10 ደቂ ደማ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሚላት ሚካኤል ተኽሉ ወለድና ሚካኤል ተኽለን ሰምሰም እምባየን ስለዝዋረሩ፡ ኣነ ምስ 10 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጸዕዳ ክርስትያን

ከሳሲት ወ/ሮ ርሻን ማሰፍኑ ተኸሳሲ ኣብርሃለይ ምሕረተኣብ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን26/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክርአ ምኳኑ ንፈልጥ።

ኣቶ ኪዳነ ብርሃ ባየራስላሴ፡ ወለደይ ብርሃ ባየራስላሴን ሉተብርሃን ዛይደን ስለዝዋረሩ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ተከሌዛን

ኣቶ ዳዊት ብርሃ የውሃንስ ኣቦይ ብርሃ የውሃንስ ኪዱኑን ኣደይ ኣብራሃጼን ጺጋይ ደባሳን ስለዝዋረሩ፡ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ከሳሲ ሄኖክ ማሰሉ ተኸሳሲት ፍኖት ጉብሩ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልኪ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን26/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቕረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክርአ ምኳኑ ንፈልጥ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ኣቶ መዋእል ጉብረሚካኤል ኣሰፍሃ፡ ኣደይ ኣምለሰት ጉብረማርያም ጉብረ ስለዝዋረረት፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረታ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምኳነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

መሓሪት ኒጋሽ መንገሻ፡ ተጸዋዒ ኣቶ ከስተ ጉብረማስቀል ጉብረሚካኤል፡ ናይ ገዛ ክራይ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን26/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምኳኑ ንፈልጥ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ዮርዳኖስ ተኽለወይኒ ዘርእማርያም ምባል ተረፉ፡ ዮርዳኖስ ተኽለወይኒ ዘማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሓጋዝ

ወ/ት ሳብሪን ሓሰን ኣደም እድሪስ ፋይድ፡ ኣቦይ ካብ 1998 ዓ/ም ጀሚሩ ደሃይ ስለ ዘይብሉ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ይተኣወጀለይ ስለ ዝበለት፣ ን13/01/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ከሳሲት ወ/ሮ ግደይ በርሀ ገረስሱ ተኸሳሲት ርግኣት ኪዱ፡ ናይ ገንዘብ ክርክር ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ን24/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ቕረቢ።

ወ/ሮ መብራት ደብረጽዮን ብዓል ቤተይ ዘርኣሰናይ ሰለሙን ሃብተገርግሽ ስለዝተሰወኣ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቕና ደማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሓምድ ማሕሙድ ሓምድ ምባል ተረፉ፡ መሓመድ ማሕሙድ ሓምድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ጺጋ ወልዱ ጉብራይ፡ ጓለይ ሰገን ተከኤ ግደ ስለዝተሰወኣት፡ ኣነ ምስ ወላዲኣ ተከኤ ግደ ወልደየሱስ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ዘይኑብ ኢብራሂምን ኣቶ ሳብር ዓብዱልዓዚዝን፡ ት/ዕድመ ደቕና 1. ሪሃፍ ሳብር ዓብዱልዓዚዝ 2. ሪሖብ ሳብር ዓብዱልዓዚዝ፡ ነጃካ ኢብራሂም ማሕሙድ ምባል ተረፉ፡ ዘይኑብር ኢብራሂም ማሕሙድ ተባሂሉ ይተኣረመልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሰናይት ጊላዝጊ ምስየኑ፡ ኣቡሓጎይ ምስየኑ ዓብ ሰመረልኣብ ስለዝዋረረ፡ 9 ደቁ ምስ 7 ተተኻእቲ ደቁ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣፍዓበት

ኣቶማሕሙድዓሊ ማሕሙድ መሓመድ፡ 2.ኣቶ መሓመድ ኖር ማሕሙድ መሓመድ 3.ኣቶ ሓምድ ማሕሙድ መሓመድ፡ ስም ኣቦና ብጌጋ መሓመድ ማሕሙድ ፋይዳ ምባል ተረፉማሕሙድ መሓመድ ፋይድ ተባሂሉ ይተኣረመልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ገለብ

ፋጥና መሓመድ ዓሊ ምባል ተረፉ፡ ፋጥና ማሕሙድ ዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

ወ/ሮ ኣማረሽ ጉብረታትዮስ ካሕሳይ፡ ብዓል ቤተይ ተጋዳላይ ኣፈወርቂ ተኽለማርያም ሃብተጽዮን ስለዝተሰወኣ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቕና ደማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

ካህሄር ኣድሓኖም ተላ ምባል ተረፉ፡ ሉልያ ኣድሓኖም ተላ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ንጸህቲ ወ/ስላሴ ገ/ማርያም ምባል ተረፉ፡ ንጸህቲ ዛይድ ገ/ማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ጉብረሂወት ቀሺ መሓሪ ኣባይ፡ ናይ ኣቦይን ኣደይን ብ19/07/24 ዓ/ም ብዘበርናዮ ወርሻ፡ ኣብ ቤ/ፍ ኣቑርደት ብቑ/መዝ-223/2024 ዝተወሰነ ብቤት ዘመድ ኣሕዋት ደማ እቲ ናይ ወርሻ ብጽሒት ዝተማቐልናዮ ኣብ ዝንቀሳቐስን ዘይንቀሳቐስን ንብረትን ገንዘብን ስለ ዘሎ፡ እቲ ናተይ ብጽሒት ዝተዋህበኒ ናይ ኣሕዋተይ 1. ጽርሃ ቀሺ መሓሪ 2. ጽጋ ቀሺ መሓሪ ናተን ብጽሒት ደማ ብወህበቶ ንዓይ ስለ ዝተዋሃቦኩም። ዝ. ናይ 3 ብጽሒት ዝኾነ ሓደ ካንሸሎ ኣብ ኣቑርደት ዝርከብ ቁ/መ B ብሎክ 36 ስፍሓት 400 ት/ሜ 2 ክፍሊ ዘሎ ምስ ክሽነን ሽቓቕን ምስ ኣብ ንግዳዊ ባንክ ኤርትራ ጨ/ኣቑርደት ብቑ/ሕሳብ 1957 ስም ወላዲና ቀሺ መሓሪ ኣባይ ተቐሚጡ ዘሎ ገንዘብ፡ 41,868.70 ናቕፋ ብናይ ወላዲትና ብተጠ/ቁ ሕሳብ ስላስ ገ/ማስቀል 6260 ዘሎ ሕሳብ 99,292.41 ናቕፋ፣ ዝ. ወህቡቶ ናይ ኣሕዋተይ ናብ ስመይ ይጽደቐለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሞልቂ

ፍረሰላም ግደ ኢልማ ምባል ተረፉ፡ ዓወት ግደ ኢልማ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሃይኮታ

ዐስማን ሓጅ መሓመድ ምባል ተረፉ፡ ዐስማን መሐመድ መሳ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሻምብቆ

ወ/ሮ ረሀዋ ኣካለ ተስፋዝጊ፡ ኣደይ ኣወጣሽ ወልደኣረጋይ መሻሾ ስለዝዋረረት፡ 5 ደቃ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ምስጋና



ብምኽንያት ዕረፍቲ ኣዚና እነፍቅሮ ኣቦና ፕሮፌሰር የማኑብርሃን ግርማጼን ጸጉ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ ጥላ ዘቃበርኩምና፡ ኣብ ገዛና ማይ ተመናይ እናተመላለስኩም ዘጸናናዕኩምና፡ ካብ ወጻኢ ሃገር ደማ ብተሌፎን ዘጸናናዕኩምና ኣሕዋትናን ቤተሰብናን ፈተውትናን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘና ከም ዝዓጸና ብኣኽብሮት ንገልጽ።

ብዓልቲ ቤቱ መሰ ክብርኣብ
ምስ ደቁን ምሉኣት ስድራቤትን

ኣብ ዞባ ማእከል ከተማ ኣስመራ ብቑጽሪ መለለዩ ንብረት ASD00007038 ብቑጽሪ ፓርሰል ASP00005698 ስፍሓት ፓርሰል 166.75 ት/ሜ ዘለዎ፡ ኣብ ጎደና ሩብዓንሰብ ቁጽሪ ገዛ 12 ዝርከብ፡ ኣብ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪ ብቑጽሪ ውዕል 7380 ብዕለት 08/07/2022 ዓ.ም ብስም ኸዲጃ ዓብደላ ዐመር + 2 ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ) ስለዝሸጥናዮ'ሞ ከመሓላልፎ ስለዝደለና፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መእገዲ ትእዛዝ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ኖታዮ ዞባ ማእከልን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ።

ኸዲጃ ዓብደላ ዐመር

Notice is hereby given to the public that the partners of **Andat General Partnership**, on their Extraordinary General Meeting held on the 6th day of November 2024, have resolved that;

3. Mr. Yonas Ande Tesfay has sold and transferred his 600 shares to Mrs. Elsa Ande Tesfay.
4. Hence, the latest shareholding of the partnership has become as follows;

| | No. of Shares | Value in Nakfa |
|---|---|---|
| 1. Mrs. Elsa Ande Tesfay | 1,200 shares | 1,200,000.00 |
| 2. Mr. Yonatan Yihdego Araya | 200 shares | 200,000.00 |
| **Total shares** | **1400 shares** | **1,400,000.00** |

**ANDAT GENERAL PARTNESHIP**

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ፍሊክ ተቐጺዑ

ዓሰልጣኒ ባርሰሎና ሃንሲ ፍሊክ፡ ብሰንበት ዝሓለፈ ቀዳም ምስ ሪያል በቲስ 2ብ2 ኣብ ዝተፈላለዩሉ ናይ ሊግ ግጥም ዝወሰዶ ቀያሕ ካርድ፡ ንኽልተ ግጥማት ንጋንታኡ ከይመርሓ ትማሊ ተወሲኑሉ።

ፍሊክ፡ ኣብ ካልኣይ እብረ እቲ ጸወታ፡ ተጻዋታዩ ፍረንኪ ደ ዮንግ ኣብ ልዕሊ ኣጥቃዓይ ሪያል በቲስ ቪክቶር ሮክ ብዝፈጸሞ በደል ንዝተዋህበት ፍጹም ቅላዕ ብምቅዋሙ እዩ ተባሪሩ። እዚ ጀርመናዊ ዓሰልጣኒ፡ ካብ ናይ ተክኒክ ቦታኡ ብምውጻኡ ኣእዳዉ እናወሳወሰ ምርባሹን ኑቲ ውሳነ ምቅዋሙን፡ ድሕሪ ጸወታ ኣብ ዝወሃብ ናይ ደያኑ ጸብጻብ ተገሊጹ።

በዚ ከኣ፡ ግብረ-መልሱ ናብ ዳኛ ዘቐንዐ ከምዝይነበረ ዝገለጸ ፍሊክ፡ ንኽልተ ግጥማት ተቐጺዑ ኣሎ። ባርሰሎና ግና፡ ይግባይ ክትብል ይፍቀዳ እዩ። ናይ ይግባይ ሕቶኣ እንተዘይተሰሚዑ ከኣ፡ 15 ታሕሳስ ምስ ሌጋነስ፡ 21 ታሕሳስ ከኣ ምስ ኣትሌቲኮ ማድሪድ ኣብ እተካይዶ ናይ ሊግ ግጥማት፡ ተሓጋጋዚኡ ማርከስ ሶርግ ክመርሓ እዩ።



## ኣንቶኒዮ፡ መስተን ሓሽሽን ከምዝይወሰደ ተሓቢሩ



ፖሊስ ዓዲ እንግሊዝ፡ ጠንቂ ሓደጋ መኪና ተጻዋታይ ዌስት ሃም ሚካኤል ኣንቶኒዮ፡ መስተን ሓሽሽን ከምዘይነበረ ሓቢሩ።

ኣንቶኒዮ፡ ዝሓለፈ ቀዳም ዋጋ 260 ሽሕ ፓውንድ ፈራሪ ኤፍኤፍ መኪና ሐዚ እንከሎ፡ ካብ ማስመሩ ወጺኡ ምስ ገረብ ብምግጫዉ እዩ፡ ከቢድ ሓደጋ ገጢምዎ። ናብዚ ሓደጋ ዘቃልዐ ጉዳይ እንታይ ምኽኑ ንምፍላጥ መርመራ ክካየድ ዝቐጸለ ፖሊስ ከኣ፡ ልዕሊ ዓቐን ፍጥነት ከምዝይነበሮ ገሊጹ።

ብዐቢኡ ከኣ፡ መስተ ኮነ ሓሽሽ ከምዝይነበሮ ዝገለጸ ፖሊስ፡ ኣብዚ ጉዳይ ተጠርጣሪ ኣካል ካብ ምድላይ'ውን ከምዝቋረጹ ሓቢሮም። ፖሊስ፡ ነዚ ጉዳይ ስለዝተሳተፍዎ ጥራይ ገበን ተፈጺሙ ማለት ከምዘይኮነ ደማ ኣረዲኦም - ብመሰረት ጋዜጣ ዘ ሳን።

ብሰራሕተኛታት ሂወት ኣድሕን ካብቲ ተቖርቂሩ ዝበረ ቦታ ንኽወጽእ ኣስታት ሓደ ሰዓት ዝወሰደሉ ኣንቶኒዮ፡ ሰሪዚ ሓደጋ ኣብ እግሩ ማስበርቲ ኣጋጢምዎ፡ መውጽኢቲ'ውን ኣካዩዱ እዩ። ንኣስታት ሓደ ዓመት ካብ ጸወታ ክእለ ከምዝኽእል ድማ ይሕበር። ካብዚ ሓደጋ ብተኣምር ከምዝወጸ ዝገለጸ እዚ ወዲ 34 ዓመት ጃማይካዊ፡ ኣብ ክሪስትማስ 2019 እውን፡ ሓደጋ ኣጋጢምዎ ምንባሩ ይገልጽ።

## ሳላሕ፡ 'ብሉጽ ተጻዋታይ ወርሒ ሕዳር' ተባሂሉ

ኣጥቃዓይ ሊቨርፑል መሓመድ ሳላሕ፡ ብሉጽ ተጻዋታይ ወርሒ ሕዳር ተባሂሉ።

ሳላሕ፡ ኣብዘ ዝሓለፈት ወርሒ ኣብ ሰለስተ ናይ ሊግ ግጥማት፡ ጋንታኡ ንኹሉ ክትዕወተሉ መሪሕ ተራ ተጻዊቱ እዩ። ኣርባዕተ ሹቶታት ከመዝግብ እንከሎ፡ ሓንቲ ናይ ሹቶ ዕድል ሃንዲሱ። በዚ ኸኣ፡ ነዛ ድምጺ ደገፍቲን ወድብቲ ናይ'ቲ ሽልማትን ብምድማር እትዕደል ሽልማት፡ ንምኒያስ ኩኖ - ዎልቭስ፡ ማርቲን ኦደጋርድን በካዮ ሳካን - ኣርሰናል፡ ብሩኖ ፈርናንደዝ - ማን ዩናይትድ፡ ፒድሮ ኑቶ - ብራይተን፡ ያኣን ዊሳ - ብሬንትፎርድ፡ ከምኡ'ውን ሪያን ግራቨንበርችን በሊጹ እዩ ተዓዊቱላ።

ነዛ ወርሓዊት ሽልማት፡ ኣጥቃዓይ ማን ሲቲ ኤርሊን ሃላንድ፡ ንቐዳመይቲ ወርሒ እዚ ዓመት ስፖርት (ነሓሰ) ከምዝተዓወተላ ይዝከር። ተጻዋታይ ቸልሲ ኮል ፓልመርን ኣጥቃዓይ ኖቲንግሃም ክሪስ ወደን ድማ፡ ብተኸታታሊ ንወርሓት መስከረምን ጥቅምትን ተዓዊቶምለን።




## ሞሪኖ፡ ካብ ንያማል ንዊልያምስ ከምዝደንቕ ገሊጹ

ዓሰልጣኒ ቱርካዊት ክለብ ፈነርባቸ ሆዘ ሞሪኖ፡ ካብ ንተጻዋታይ ባርሰሎና ላሚን ያማል፡ ንኣጥቃዓይ ኣትሌቲኮ ቢልባኦ ኒኮ ዊሊያምስ ከምዝደንቖ ገሊጹ።

ያማልን ዊሊያምስን ሃገርም እስጳኛ ዋንጫ ኤውሮጳ 2024 ክትዓትር፡ መሪሕ ተራ ከምዝተጻወቱ ይዝከር። ንክለብ ኣትሌቲኮ ቢልባኦ ዝተሰለፈላ ዊሊያምስ፡ ንእንግሊዝ ኣብ ዝሰዓረሉ ናይ ፍጻመ ጸወታ ሹቶ ከመዝግብ እንከሎ፡ ብሉጽ ተጻዋታይ ናይቲ ግጥም'ውን ተባሂሉ።

የጉዳስ ያማል'ውን፡ ሐዚዎ ዘሎ ብቕዓት ኣብ ክለቡ ባርሰሎና ይደግሞ ምህላዉ፡ ካብ ዝተፈላለዩ ወገናት ድማ ዝያዳ ኣድናቖት ይረኽብ ከምዘሎ ይፍለጥ። ዛጊት ድማ ኣብዚ ወቕቲ ኣብ 15 ናይ ሊግ ግጥማት ሓሙሽተ ሹቶታት ዘመዝገበ ኮይኑ፡ ትሽዓተ ሹቶ ዝኾና ዕድላት ፈጢሩ ኣሎ።

ሞሪኖ፡ ናይ ምፍራም ዕድል እንተዘረክብ ንመናዎም ናብ ፈነርባቸ ምምጻኦም ኣብ ዝተሓተተሉ፡ "ሰብ ንያማል ምመረጸ። ብርግጽ ድንቂ ተጻዋታይ እዩ። ኣነ ግና፡ ናይ ዊሊያምስ ደጋፊ እየ። ተኣምራታዊ ተጻዋታይ እዩ፡ ንሪያል ማድሪድ ክሰለፈላ ድማ ተሰፋ እገብር። ምኽንያቱ፡ ኣነ ደጋፊ ማድሪድ እየ።" ኢሉ።



ዊሊያምስ፡ ዓበይቲ ዓበይቲ ክለባት ኤውሮጳ - ኣርሰናል፡ ቸልሲን ባርሰሎናን ወዲቖዎ ምህላዉ እዩ ዝገለጽ። ብፍላይ ባርሰሎና፡ 58 ሚልዮን ዩሮ ምኽኑ ዝነገር መልቀቒ ጋንታኡ ከፊላ ኣብ ዝመጽእ ክረምቲ ክተፈርሞ ብቐዳምነት ሰሪዓቶ ኣላ።

ፈነርባቸ፡ ጋዜጣ ኣብ ሕትመት እንከሎ፡ ኣብ ጸወታ ሊግ ኤውሮጳ ንኣትሌቲኮ ቢልባኦ ክትዕድማ እያ። ቢልባኦ፡ ኣብዚ ድሕሪ ሻምፕዮንስ ሊግ ካልኣይ ዝዓበየ ኤውሮጳዊ ውድድር፡ ካብ ሓሙሽተ ግጥማት 13 ነጥቢ ብምእካብ፡ ካልኣይ ደረጃ ሒዛ ኣላ። ፈነርባቸ፡ ብተመሳሳሊ ጸወታ ትሽዓተ ነጥቢ ሒዛ መበል 11 ትርከብ።

## መጉዳእቲ ምባፐ ደሓን ምኽኑ ተሓቢሩ

ኣጥቃዓይ ሪያል ማድሪድ ኪሊያን ምባፐ፡ ሰሉስ ምሸት ዘጋጠሞ መጉዳእቲ ደሓን ምኽኑ ተሓቢሩ።

ምባፐ፡ ኣብቲ ንኣታላንታ 3ብ2 ዝሰዓሩሉ ናይ ሻምፕዮንስ ሊግ ጸወታ እዩ፡ ብሰንኪ'ቲ ኣብ ቀዳማይ እብረ ኣብ ሰለፉ ዝተሰምዖ ዘይምቹእነት (ናይ ጭዋዳ ጸገም) ብሮድሪጎ ተቐዪሩ ዝወጸ። እዚ ዘይምቹእነት እዚ ከኣ፡ ልክዕ ከምቲ ዝሓለፈ ቀዳም ወዲ ጋንታኡ ጁድ በሊንግሃም ንጂሮና ኣብ ዝሰዓሩሉ ጸወታ ዘጋጠሞ እዩ - ብመሰረት ጋዜጣ ፋትብል እስጳኛ።

እዛ ምንጪ፡ በሊንግሃም፡ ኣብታ ጸወታ ተቐዪሩ እኳ እንተወጸ፡ ዝወጻሉ መጉዳእቲ ግና፡ ካብቲ ናይ ብቕድሚ ትማሊ ጸወታ ከምዝይፈልዮ ትሕብር። በዚ ከኣ፡ ምባፐ፡ ብሰንኪ እዚ መጉዳእቲ ንዊሕ እዋን ካብ ጸወታ ክእለ ዘለዎ ተኽእሎ ውሑድ ምኽኑ ተረዲኡ።

ዓሰልጣኒ እዛ ጋንታ ካርሎ ኣንቸሎቲ፡ ድሕሪ'ቲ ደረጃኦም ዘመሓየሹሉ ጸወታ፡ መጉዳእቲ ምባፐ ከቢድ ከምዝይመስል እዩ ሓቢሩ ነይሩ። ምባፐ፡ እዚ መጉዳእቲ'ዚ ንኽንደይ ግዜ ካብ ጸወታ ከምዝፈልዮ ንምፍላጥ ግና፡ ተወሳኺ መርመራ ክካየድ ምኽኑ ይግለጽ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ መሪሕነት ዘትሓዙዮም ቀዳመይቲ ሹቶ ዘመዝገበ ምባፐ፡ ብድምር መበል 50 ሹቶ ሻምፕዮንስ ሊግ ኣመዝጊቡ - ኣብ መበል 25 ዓመትን 356 መዓልታትን ዕድመኡ። በዚ ኸኣ፡ ካልኣይ ዝነኣሰ ክንደ'ዚ ብዝሒ ቀልጢፉ ዝበጽሖ ክኸውን ክኢሉ። ነዚ ብዝሒ'ዚ ኣብ 2012 ኣብ መበል 24 ዓመትን 284 መዓልታትን ዕድመኡ ዝበጽሖ ሊዮኔል መሲ እዩ ኣብ ቅድሚት ዝርከብ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ መበል 79 ግጥሙ 50 ሹቶታት ዘመዝገበ ምባፐ፡ ብዝውሓደ ግጥማት ዝበጽሖ ራብዓይ ተጻዋታይ ደሲሩ። ሩድ ቫን ኒስተርሎይ ኣብ 62 ጸወታታት 50 ሹቶታት ብምቑጻር ብቐዳምነት ከጸዋዕ እንከሎ፡ መሲ ኣብ 66፡ ለዋንዶውስኪ ኣብ 77 ግጥማት በጺሖሞ። ብ141 ሹቶታት ናይ ኩሉ ግዜ ዝለዓለ ኣመዝጋቢ ሹቶ እዚ ውድድር ዝኾነ ሮናልዶ፡ ኣብ ሚያዝያ 2013 ኣብ መበል 91 ግጥሙ እዩ ንመበል 50 ሹቶኡ ኣመዝጊብዋ።

ነዚ ክብረ ወሰን ኣብ ቀረባ ግዜ ክሰብሮ ትጽቢት ዝግበረሉ፡ ኤርሊንግ ሃላንድ እዩ። እዚ ዓርሞሸሽ ኣጥቃዓይ ማን ሲቲ፡ ኣብ 44 ግጥማት ጥራይ (ናይ ትማሊ ምሸት ከይደመርካ) 46 ሹቶታት ኣመዝጊቡ ኣሎ።



## ከይታ፡ ናብ ፈረንክቫሮስ ተጸምቢሩ

ናይ ቅድም ተጻዋታይ ሊቨርፑል ናቢ ከይታ፡ ብልቓሕ ካብ ቨርደር ብረመር ናብ ሃንጋርያዊት ክለብ ፈረንክቫሮስ ተጸምቢሩ።

ዝሓለፈ ወቕቲ ካብ ሊቨርፑል ናብ ብረመር ዝተጸምበረ ከይታ፡ ኣብ ሓንቲ ጸወታ ጥራይ ካብ ፈለማ ክሰለፍ እንከሎ፡ ብሓፈሻ ኣብ ሓሙሽተ ግጥማት ጥራይ ተጻዊቱ። ብዐቢኡ ዝሓለፈ ወርሒ ሚያዝያ ኣንጻር ባየር ለቨርኩሰን ጸወታ እናተጸበዩዎም ምስ ጋንታኡ ክጓዓዝ ብዘይምምራጹ፡ ዳግማይ ከይጸንበር ቡታ ክለብ ተቐጺዑ።

ኣብቲ እዋን፡ ዳይረክተር ናይ'ታ ጋንታ ስሙ ንምጽላው ደሰርሐ ምህላዉ ዝተዛረበ ከይታ፡ ድሕሪ'ቲ መቕጻዕቲ ዳግማይ ማልያኣ ኣይለበሰን፡ ክሳብ እዚ ኣዋርሕ ተላዒልዎ ዘሎ ሓዲሽ ወቕቲ። በዚ ከኣ፡ እዚ ዳግማይ ኣብዛ ክለብ መጺኡ ከምዘይብሉ ዝተረድአ ጊንያዊ ኣኸፋፋሊ፡ ብልቓሕ ናብ ፈረንክቫሮስ ተጸምቢሩ ኣሎ። ካብ ወርሒ ጥሪ ጀሚሩ ከኣ ሰልፊ እተኽእል እዛ ክለብ እንተደልያቶ ብቐዋሚ ናብ ምዝኣ ኣማሪጺ'ውን ኣለዋ።




**ሎሚ**

**ሱፐር ዲቪዥን 'ኤ'**

ኩብንያ ሰምባል - ሓይሊ ኣየር 11፡30 ቅ.ቀ

ኣስመራ በራ - ማይ ተመናይ 1፡30 ድ.ቀ

ጎዳይፍ - ኣዱሊስ 3፡30 ድ.ቀ

**ሊግ ኤውሮጳ**

ሮማ - ብራጋ 8፡45 ድ.ቀ

ቪክቶሪያ ፕለዘን - ማን ዩናይትድ 8፡45 ድ.ቀ

ፖርቶ - ሚድትላንድ 11፡00 ድ.ቀ

ኣያክስ - ላዝዮ 11፡00 ድ.ቀ

ሬንጀርስ - ቶተንሃም 11፡00 ድ.ቀ

ሪያል ሶሴዳድ - ዳይናሞ ኬቭ 11፡00 ድ.ቀ

ለዮን - ኢንትራክ ፍራንክፈርት 11፡00 ድ.ቀ

**ሊግ ኤውሮጳ ኮንፈረንስ**

ኣስታና - ቸልሲ 6፡30 ድ.ቀ

# ዜና ወጻኢ

ሚርያም ኣብርሃም

## ፈረንሳ፡ ኣብ ጫድ ዓስኪሮም ዝጸንሑ ወተሃደራታ ትስሕብ

ኣብ ጫድ፡ ንዓሰርተታት ዓመታት ዓስኪሮም ዝጸንሑ ወተሃደራት ፈረንሳ፡ መንግስቲ ጫድ ብዘዘዎ ትእዛዝ፡ ካብታ ሃገር ክወጹ ከምዝጀመሩ ተሓቢሩ።

ኣብ ዝሓለፉ ክልተ ሰሙናት፡ መንግስቲ ጫድ ምስ ፈረንሳ ዝጸንሖ ወተሃደራዊ ምትሕብባር ከምዝቋረጾ ምሕባሩ ይፍለጥ።

በዚ ኸኣ፡ ኣብታ ኣፍሪቃዊት ሃገር ዝርከቡ፡ ኣስታት ሓደ ሽሕ ወተሃደራት ፈረንሳ ኣብ ዝመጽእ ቀረባ መዓልታት ካብታ ሃገር ጠቕሊሎም ክወጹ'ዮ ዝገለጽ ዘሎ።

መስርሕ ምግዓዝ ወተሃደራት ፈረንሳ ንምጅማር፡ ትማሊ ሰለስ ክልተ ነፈርቲ ውግእ ፈረንሳ ናብታ ኣብ ምብራቓዊ ክፋል ጫድ እትርከብ ከተማ ኤንጃሜና፡ ከምዝኣተዋ ተሓቢሩ።

ኣብ ሓያሎ ሃገራት ኣፍሪቃ ወተሃደራዊ መዓስከር ዘለዋ ፈረንሳ ኣብ ዝሓለፉ እዋናት፡ ሰራዊታ ካብ ኒጀር፡ ቡርኪናፋሶን ማሊን ከምዝሰሓበት ዝዝከር እዩ።

መንግስቲ ጫድ ዝሓለፈ ሚያዝያ ኣብ ሃገሩ ዓስኪሮም ዝጸንሑ ወተሃደራት ኣመሪካ ጠቕሊሎም ክወጽኡ ብዘዘዎ ትእዛዝ መሰረት እቶም ባዕዳውያን ወተሃደራት ከምዝገዓዙ ይፍለጥ።

ሽበራውያን ንምቅላስ ብዝብል ምኽንያት ኣብ ዝተፈላለዩ ሃገራት ኣፍሪቃ ዓስኪሮም ዝጸንሑ ግዳማውያን ሓይልታት፡ ዛጊት ዝጦቕስ ኣበርክቶ ከምዘይገበሩን ኣብተን ሃገራት ሽርሒታት ክፍጽሙ ምጽንሖምን እዮም ጸብጻባት ናይ'ተን ሃገራት ዘመልክቱ።



ጉጅለታት፡ ሙብዛሕትኦም ንዝጨወይዎም ሰባት ናጻ ንምልቃቕ መባድልቲ ክጠልቡ ምጽንሖም ጸብጻባት የመልክቱ።

እቶም ዕጡቓት፡ ኣብዘን ቀረባ ዓመታት ብፍላይ፡ ካብ ጸርግያታት፡ ኣብያተ ትምህርትን መንበሪ ኣባይትን ብቐጻሊ ተግባራት ጭውያ የካይዱ ምህላዎም ዝፍለጥ እዩ።

በዚ ኸኣ፡ ናይጀርያ፡ ኒጀር፡ ጫድን ካሜሩንን ኣብ ርእሲ፡ በበወገነን ኣንጻር ሽበራውያን ዘካይድኦ ስርሒታት፡ ካብ 2015 ኣትሒዘን እውን ኣንጻር ሽበራ ዝቐንዐ ሓባራዊ ወተሃደራዊ ወፍራታት የካይዳ ከምዝለዋ ይግለጽ።

ኣብተን ሃገራት ብዕጡቓት ተጨውዮም ዛጊት ደሆም ናይ ዝጠፍኡ ሰባት ቁጽሪ ብኣሽሓት ከምዝቝጸር'ዮም ዝተፈላለዩ ጸብጻባት ዘመልክቱ።

## ናይጀርያ - ዕጡቓት 50 ሰላማውያን ሰባት ጨውዮም



ኣብ ክፍሊ-ሃገር ዛምፋራ - ናይጀርያ፡ ዕጡቓት ጉጅለ፡ ቁልዓ ሰበይቲ ዝርከብዎም ልዕሊ 50 ሰላማውያን ሰባት ከምዝጨወዩ ይቃላሕ ኣሎ።

እቶም ዝተጨወዩ ናይጀርያውያን፡ ናብዩ ከምእተወሰዱ ዛጊት ከምዘይተፈልጠ'የም ሰብመዚ እታ ሃገር ዝሕብሩ ዘለዉ።

በዚ ኸኣ፡ መንግስቲ ናይጀርያ ኣብ ምድላይ እቶም ዜጋታት ዝሰጥፉ፡ ብርክት ዝበሉ ወተሃደራት ኣብቲ ከባቢ ከምዝዋፈረ ይገልጽ ኣሎ።

ኣብ ናይጀርያ ዝንቀሳቐሱ ዕጡቓት

## ዩክሬን ናብ ሩስያ ሚሳይል ተኩሳ

ዩክሬን፡ ኣብ ከተማ 'ታጋንሮግ'-ሩስያ፡ ናይ ሚሳይል መጥቃዕትታት ከምዝፈጸመት፡ ማዕከን ዜና 'ራሻ ቱደይ' ሓቢሩ።

በቲ ዝተኻየደ መጥቃዕቲ፡ ኣብታ ወደባዊት ከተማ ዝርከብ ኢንዱስትርያላዊ ትካል ከምዝተወቕዐ፡ ካልኦት ልዕሊ 15 መካይንውን ከምእተቓጸላን እዩ እቲ ሓበሬታ ዘመልክት።

እንተኾነ፡ እቲ መጥቃዕቲ ኣብ ሰብ ዘውረዶ ጉድኣት ምህላዉን ዘይምህላዉን ኣመልኪቱ ብመንግስቲ ሩስያ ዝተዋህበ ሓበሬታ የለን።

ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ፡ ፕረዚደንት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ጆ ባይደን፡ ዩክሬን ንሩስያ ንምጥቃዕ ብኣመሪካ ንዝተዋህበ ነዊሕ ርሕቀት ዝወንጨፍ ሚሳይል ክትጥቀም ፍቓድ ከምዝሃበ ዝዝከር እዩ።

በዚ ኸኣ፡ መንግስቲ ፈደረሽን ሩስያ፡ ዩክሬን ነዊሕ ርሕቀት ዝወንጨፍ ሚሳይል ኣመሪካ ተጠቒማ ኣብ መሬት መጥቃዕቲ እንተፈጺማ፡ ኣንፈታትን ኩነታትን ናይቲ ተወሲዑ ዘሎ ኩናት ብቐጻሊ ከምዝቕይሮ'ዩ፡ ንኣመሪካን መሻርኽታን ከጠንቀቕ ጸኒሑ።

እንተኾነ ዩክሬን ንመጠንቀቕታ ሩስያ ዕሽሽ ብምባል ቅድሚ ሰለስተ ሰሙናት ነቲ ሚሳይል ተጠቒማ ንሩስያ ከምዝጠቕዐት፡ ሩስያ ድማ ከም ግብረ መልሲ ንመጀመርታ እዋን ኑክሌኣዊ ቦምብ ክጸዓን ዝኽእል 'ኦረሽኒክ' ዝተሰምየ ባለስቲካዊ ሚሳይል ብምትኳስ ኣብ ከተማ ደንፐር-ዩክሬን ንዝርከብ መፍረ ኣጽዋር ከምዝሃሰወት ምንጭታት'ቲ ከባቢ ይሕብሩ።

ሃገራት ምዕራብ፡ ንዩክሬን ዝሁብኦ ዘለዋ ወተሃደራዊ ሓገዝ፡ ነቲ ኩናት መሊሱ ዘጋድድ ምኻኑ'ያ ሩስያ ተጸርር።



## ደ.ሪ.ኮንጎ - ብዘይተፈልጠ ሕማም ኣማኢት ሰባት ተለኺፎም

ኣብ ደሪኮንጎ፡ ዛጊት ዓይነቱ ብዘይተፈለጠ ሕማም፡ ልዕሊ 400 ሰባት ከምዝሓመሙን ካልኦት 31 ሰባት ድማ ከምዝሞቱን ይግለጽ ኣሎ።

እቲ ሕማም፡ ዝዓዛ ኣብ ቁልዑን ሕጽረት መኣዛዊ መግቢ ኣብ ዘለዎም ሰባትን ደረኣ ከምዝሎ ዝጠቕሰ ውድብ ጥዕና ዓለም፡ ነቲ ሕማም ንምልላይ ናብታ ሃገር ክኢላታት ክሰድድ ምዃኑ ኣፍሊጡ።

ቀንዲ ምልክታት ናይቲ ዛጊት ዘይተፈለጠ ዘሎ ሕማም፡ ረስኒ፡ ብርቱዕ ሕማም ርእሲ፡ ቃንዛ ኣዕጽምቲን ሰዓልን ምዃኑ ክኢላታት ጥዕና እታ ሃገር ሓቢሮም።




ኣብታ ሃገር ብናይ'ዚ ዘሎ ሕጽረት ሞያውያን ጥዕና፡ እቲ ሕማም ኣብ ሓዳር እዋን ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ክውዓል ከምዘይክኣል እቶም ክኢላታት ብዘወኸኺ ኣረዲኦም።

እቲ ሕማም እናስፋሕፈሐ ይመጽእ ብምህላዉ፡ ውድብ ጥዕና ዓለም ቅልጡፍ ሓገዝ ክገብር ክኢላታት ሕክምና ደሪኮንጎ ይጸውዑ ኣለዉ።

እቲ ሕማም ካብ ሰብ ናብ ሰብ ብቐሊሉ ዝሰዓብ ብምዃኑ፡ ዜጋታት ጥንቃቐታቶም ከሐይሉ፡ ምስዓም ተለኺፎም ዘለዉ ሰባት ድማ ዝኾኑ ርሑብ ከየካይዱን ጸዋዒት ይቐርብ ኣሎ።

ደሪኮንጎ፡ ብሕማም በዓዶ ህበይ ኣብ ትሳቐየሉ ዘላ እዋን፡ ዘይተፈልጠ ሕማም ክለዓል ምጅማሩ፡ ነቶም ብቑጽሪ ውሑዳት ዝኾኑ ሞያውያን ሕክምና'ታ ሃገር ብደሆ ኮይኑዎም ከምዘሎ እዩ ዝሕበር።

ብመሰረት ጸብጻባት፡ ኣብታ ኣፍሪቃዊት ሃገር፡ ዛጊት ልዕሊ 20 ሽሕ ሰባት ብሕማም በዓዶ ህበይ ክልከፉ እንከለዉ፡ ካልኦት ኣስታት 600 ድማ ሞይቶም።

## ብራዚል - መጠን ዝቕባበ ወሲኹ

መጠን ዝቕባበ ብራዚል፡ ኣብ 2024፡ ብልዕሊ 4 ሚእታዊት ከምዝዓበየ፡ ስታትስቲካውያን ጸብጻባት እታ ሃገር ሓቢሮም።

መንግስቲ ብራዚል፡ ኣብዚ ንዝዘዞ ዘለና ዓመት፡ መጠን ዝቕባበ'ታ ሃገር ኣብ 3 ሚእታዊት ንምድራት እኳ ዕላማ ኣውጺኡ እንተነበረ፡ እቲ ሸቶ ግን ከምቲ ዝደለ ከምዘይተወቕዐ እዩ ገሊጹ።

ቀንዲ ጠንቂ ናይዚ ተመዝጊቡ ዘሎ መጠን ዝቕባቡ፡ ልዑል መጠን ውልቃዊ ወጻኢታት፡ ወሰኽ ኣብ ዋጋታት መግቢን መስተን ከምኡ'ውን ወሰኽ ኣግልግሎት መጐዓዝያ ምዃኑ ዝገለጸ መንግስቲ ብራዚል፡ ኣብ ዝመጽእ ዓመት ንምቁጽጻሩ ዕቱብ ስጉምቲ ከምዝወስድ ኣፍሊጡ።

ኣብ 2023፡ መጠን ዝቕባበ ብራዚል 4.62 ሚእታዊት ምንባሩ ዝጠቐሱ ጸብጻባት፡ እቲ ዝተራእየ ምጉዳል፡ ድሕሪ 2020 ንመጀመርታ እዋን ምንባሩ'የም ኣረዲኦም።

መጠን ዝቕባበ ብራዚል ኣብ 2021፡ 8.30 ሚእታዊት፡ ኣብ 2022 ድማ 9.28 ሚእታዊት ምንባሩ'የም ጸብጻባት ዝጠቐሱ።

ኣስታት 216 ሚልዮን ህዝቢ ዘለዋ ብራዚል፡ ብሰንኪ ዘለዋ ሕጽረት ንግዳዊ ንጥፈታት፡ ሓንቲ ካብተን ቀዳሞት ብዝቕባበ ዝሳቐያ ሃገራት ላቲን ኣመሪካ ኮይና ከምዘላ እዮም ዝተፈላለዩ ወገናት ዝገልጹ።




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ. |
|---|---|---|---|
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ዓሰብ | 12/12/2024 | ጎደና ኣፍዓበት ቁ.105፡ ከባቢ 2ይ መደበር ፖሊስ (ካርሺሊ.) | 123105 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services